መበል 33 ዓመት ቁ.272 | ቀዳም 13 ሓምለ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ስነ ቁጠባ
ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

ገጽ 3
ሳዋ፡ ዕቱብ ምርጫ ንውሑስ መጻኢ

ገጽ 4
ክብርታት፡ ክብረት የምጽኡ (2)


ገጽ 7
ዝኽሪ ደርፍታት ሳዋ፡ ኣብ ቅንያት ሳዋ


ገጽ 11
ቢንያም፡ ራብዓይ ኣትዩ


# ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ገምጋም ስራሕ ኣካዪዱ

ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ባህላውን ልምዓታውን ህይወት ደቂ-ኣንስትዮ ንምምዕባል - ካብ 2018 ክሳብ 2023 ዝዘርግሖ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥን ስራሕ ንምግምጋም - ብ4 ሓምለ ኣብ ከተማ ከረን ርክብ ኣካዪዱ።



ኣብቲ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ዝተኻየደ ርክብ፡ ዝተሰላሰለ መደባት፡ ውጽኢቱን ዘጋጠመ ብደሃታትን ዘጽር - ብኣሃዛት ዝተሰነየ ጸብጻብ ቀሪቡ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ሕቶ ደቂ-ኣንስትዮ



ሕቶ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ተራኣንን ተሳታፍነተንን ኣብ ኩሉ መዳያት ክብ ብምባል ኣፍራይነተን ንኸሰፍሓ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ኣብ ጎድነን ክኸውንን ክተሓጋገዘን ተላብዩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ውዳበ ደቂ-ኣንስትዮ 7.5 ሚእታዊት ዕቤት ከምእተመዝገበ ዝጠቐሰት ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ደቂ-ኣንስትዮ መሻብርአን ክመሓየሻን ኣፍራይነተን ክዓብን፡ ኣብ ኣካዳሚን ሞያን ተወዳደርቲ ክኾና ኣተሓሳሲባ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ኣቦመንበር ኮሚቲ ምምዕባል ደቂ-ኣንትዮን ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ተስፋጼን ግርማይ ድማ፡ ኩሉ-መዳያዊ ምዕባለ ደቂ-ኣንስትዮ ምርግጋጽ ምስ ወህሉል ብደሆታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝዓበር ግጥም ስለዝኾኑ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ብቐሊሉ ክበጽሕ ስለዘይከኣል - ኩሉ ኣካል ምትሕብባሩ ክዛይድ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዝሃቦ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ ሃማደኤ ኣብ ምምዕባል ደቂ-ኣንስትዮ ዘካየዶ ዘሎ ጻዕሪ - ኩሉ ክድግፎን ክሳተፎን ከም ዘዋጽኦ ኣገንዚቡ።

# ኣባላት ኩባንያ ህንጸት ኣባይትን ልምዓትን 80 ከረጺት ደም ለጊሶም

ኣባላት ኩባንያ ህንጸት ኣባይትን ልምዓትን-ሳዋ፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንኪ ደም ንምስሳን ወለንታዊ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ብ9 ሓምለ 80 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ኣብ እዋን ክረምቲ - ምስ ምዕጻው ኣብያተ-ትምህርትን ኮሌጃትን፡ ወፍሪ ምእካብ ደም ኣብ ሚኒስትሪታት ከምዝቕጽል ዝሓበረ - ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ሓላፊ ናይ'ቲ መደብ ነርስ ዑቕባሚካኤል የውሃንስ፡ ኣባላት ኩባንያ ህንጸት ኣባይትን ልምዓትን-ሳዋ ንዘወሰድዎ ተበግሶ ሞጒሶም።

መዲካል ዳይረክተር ሃገራዊ ባንኪ ደም ዶ/ር የውሃንስ ተኸስተ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ ዝሓለፈ ዓመት 6 ሽሕ ዝበረ ቀጽሪ ለገስቲ፡ ሎሚ ዓመት ናብ 8 ሽሕ ክብ ከምዝበለ ኣረዲኡ።

ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ጉድኒ-ጉድኒ መደባት ህንጸትን መኸተን፡ ኣብ ስራዕ ናይ ልገሲ ደም መደባት እውን ከምዝሳተፉ ይፍለጥ።



# ኣብ መንደፈራን ተሰነይን፡ ንስድራ-ስዉኣት ዓይነታዊ ደገፍ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ብዘዋጽእዎ ልዕሊ 165 ሽሕ ናቕፋ፡ ን365 ስድራ ስውኣት ዓይነታዊ ደገፍ ገይሮም።

ብ6 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ እቲ ሓገዝ ኣብ 15 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝርከባ ስድራ ስውኣት ብመልክዕ እኽልን ጥሪትን ከምእተዋህበ፡ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ ተበግሶ ሓቢሮም።

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ማሕበር ወሃብቲ ታክሲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ካብ ወርሒ ሓምለ ጀሚሮም ሓለፍቲ ምንባዩ ሓሙሽተ ስድራቤታት ስውኣት ከምዝወሰዱ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ማሕበር ኣቶ ዓብደልሓፊዝ ጃዃር ሓቢሩ።



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወልበት፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ - ምጥዋር ስድራ ስውኣት ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ ምዃኑ ተገንዚቦም ንዘወሰድዎ ተበግሶ ብምምጓስ፡ እዚ ኣብነታዊ ተበግሶ ከም ባህሊ ክሰርጽ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ድማ፡ ንጸገማት ስድራ-ስውኣትን ሓርበኛታት ሰንኩላንን ኩናትን ዓይነታዊ ደገፍ ገይሩ።

ሓላፊት እቲ ቤት-ጽሕፈት ወ/ሮ ደሃብ ዩሱፍ፡ እተን ስድራ-ቤታት ኣብ 2022 ነፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 45 ሽሕ ናቕፋ ደኳንን፡ ብዋጋ 21 ሽሕ ናቕፋ ንብረትን ዝተጣየሳ ምዃነን ብምሕባር፡ ሕጂ ድማ መቐጸልታኡ - ንነፍሲ-ወከፈን ዋጋ 5 ሽሕ ናቕፋ ሃለኽቲ ንብረት ከምእተዓደለን ገሊጻ።

ስነ-ቁጠባ

# ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

ኮማርያም የማነ
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

**"ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ - ምትእስሳር ምስ ሞዴል ልምዓት ኮርያ"** (Re-inventing Africa's Development –Linking Africa to the Korean Development Model) ዘርእስታ መጽሓፍ ብጆንግ ዳኢ. ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ 2019 ዝተሓትመት እያ። እዛ መጽሓፍ'ዚኣ፡ ሓደጊ መግዛእቲን ዝቐጸለ ዘሎ ሕሰም ኣፍሪቃን፣ መሰረታዊ ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ፣ ዝተረስዐ ተልእኾ ምህናጽ ሃገር፣ ምንዳይ ዝጠፍኡ መሳግሮታት ልምዓትን ትምህርቲን፣ ተመኩሮ ልምዓት ኮርያ ዝብሉ፣ ኣርእስተ ሓሳባት ዝሓዘት እያ። ጸሓፊ፡ ዲፕሎማት ኮይኑ ልዕሊ 30 ዓመታት ዝተዓዘቦ ናይ ኣፍሪቃ ተመኩሮ ምስ ናይ ሃገሩ ተመኩሮ ልምዓት ብምንጽጻር ዝጸሓፋ እያ።

***

ኣብ ዝሓለፈ ክፍል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከምዝርኣናዮ፡ ኣብ 15ን 16ን ክፍለ ዘመን ፖርቱጋልን ስጳኛን ሓያሰቲ መንገድታት ባሕርን ባህርያዊ ሃብትን ብምድህሳስ ሶግር ባሕሪ ዝርከብ መሬት ካልኦት ህዝብታት ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ከእትዉ ከኢሎም። ዝርላንድ፡ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ በልጅየምን ጀርመንን እውን ተመሳሲሉ መገዲ ተኸቲለን። ድሕሪ ወረር ኣህጉራት እሲያን ኣመሪካን ደማ ተራ ኣፍሪቃ ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ ዘመን ምምቕቓል ኣፍሪቃ ብኤውሮጳውያን ሓይልታት ኣኺሉ። ናይ 1884 ብዋዕላ በርሊን ከኣ ዝኢ ኣፍሪቃ ሕጂ ሒዘቶ ዘላ ፖለቲካዊ ካርታ ዝሓንጸጸ ነበረ።

ናይ ኤውሮጳ ናይ ሓይሊ ቁርቁስ በቲ ጸልዋ ንምስፋሕ ዝግበር ዝነበረ ምሻማው ግዝኣታት ኣየብቀዐን። እቲ ኣብ ብሪጣንያ ዝጀመረ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ድሒሩ ናብ ካልኦት ኤውሮጳ ኣመሪካን ጃፓንን ሰሪሑ። ምዕባለ ኢንዱስትሪ ሓደሽ ቴክኖሎጂ ፈልፊሉ። መሳርሒታት ኩናት ማዕበልም ኩናት ኣዕናዊ ኮነ። ብሰንኪ'ቲ ወጥሪ እቲ ናይ ግዝኣቲ ቁርቁስ እንደገና ናብ ኣህጉር ኤውሮጳ ተመሊሱ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ተባርዐ። ድሕሪ ቀዳማይ ኩናት ዓለም፡ እቲ ዓቢ 'ቁጠባዊ ድስከላ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቁጠባዊ ሃሚን ካልኣይ ኩናት ዓለምን ተኸታቲሎም ሰዓቡ። ካልኣይ ኩናት ዓለም ብመንጽር ሰብኣዊ ክሳራ ኣብ ታሪኽ ደቂ-ሰብ መወዳድርቲ ኣይነበሮን።

ድሕሪ'ዚም ክልተ ዓበይቲ ኩናታት ዓለም፡ ሃጸይነትን መግዛእቲን ቅሂሙ መትከል ርእሰውሳ ተኣወጀ። ኣብ 14 ሕዳር 1960 ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት "ንግዝኣት ሃገራትን ህዝብታተን ናጽነት ዝህብ ኣዋጅ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ውሳነ ኣሕሊፉ። በዚ ድማ ዝበዝሓ ሃገራት እሲያን ማእከላይ ምብራቕን ኣብ 1950ታት ካብ መግዛእቲ ሓራ ክወጻ ከለዋ ዳርጋ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃን ካሪብያንን ከኣ ኣብ 1960ታት ናጽነተን ረኸባ። ንኣፍሪቃውያን ሃገራት ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ብምውጻኦን፡ ግዜ ዘሕለፈ ኩነታት ኣይነበረን። ህዝብታት ኣፍሪቃ ፖለቲካዊ ናጽነት ድሕሪ ምርካቦም እውን ኣብ ሓይልታት ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ቀጠባ ጥሒሎም ምህናጽ ሃገርን ምስጓም ልምዓትንን ኣብ ግዜ ዝሓለፈ ኩናትን ዓውለማን በዓዲ ዕማም ኮናም።

ቀዳማይ ዕላማ ሓደ ገዛኢ መንግስቲ፡ ኑዩም ዝወረርዎም ኣህዛብ ብምቑጽጻር፡ ቁጠባዊ ምዝመዛ ክትግብርሉ ትኽእል ግዝኣት ብምምስራት ንናይ ገዛኢ ሓይሊ ረብሓ ምግልጋል እዩ። ብተወሳኺ ገዛኢ መንግስቲ ኣገዛዩ ዝማዕበለ ብርክራሲ ዝዓጠቐ እዩ። ኣብ ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ እዚ ናይ ሕጂ ዘመናዊ መንግስታዊ ቅርጺ ካብ ምዕራባውያን ዝተሰጋገረ እዩ። እቲ ብኣፍሪቃውያን ሃገራት ዝተቐድሐ ዝበዝሐ ትካላዊ ክፋላት፡ ኣብ ዝበዝሐ ጉዳይ ትግባረ ድኹም፡ ዘይስሉጥን ዘይተኣማምን ከም ኡ'ውን ብብልሽውናን ሕማቕ ምሕደራን ዝማህመነ እዩ።

ዝበዝሓ ሃገራት ሃገራት ኣፍሪቃ ዘይኮነ ኣብ ካልእ ዞባታት ዓለምና ዝርከብ ሃገራት ብፖለቲካዊ መስርሕ ዓቕሚ መንግስቲ ሃጸን ናጽነተን ዝረኸባ ኣይኮናን። ብቐጥታ ብዛባራዊ ልዝብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ከም ሕቡራት ሃገራት ልኡላውነተን ዝተዋህባ እየን። ዋላ'ኳ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ናጽነተን ካብ ዝረኸባ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን እንተኣሕለፋ ገና ኣብ ምስረታ መንግስትነትን ምሕደራን ዝቃለሳ ዘለዋ እየን።

**ኣብ ልምዓት ኣፍሪቃ ዝቐጸለ ዘሎ ጸገምን መዋጥርን**

ሃገራት ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ ናጽነተን ካብ ዝረኸባ ዓሰርተታት ዓመታት'ኳ እንተሕለፉ ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ኣብ መሰረታዊ ገስጋስ ልምዓት ዘመዝገባ ዝጥቀስ ለውጢ የለን። እታ ኣብ 1957 ናጽነታ ዝረኸበት፡ ካብ ሃገራት ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ ዝሓበተመት ሃገር ዝነበረት ጋና ካብ ደቡብ ኮርያ ዝበልጸገት እያ ነይራ። ይኹን'ምበር ኣብ ከባቢ 2000 ዓ.ም. ናይ ደቡብ ኮርያ ጃምላ ሃገራዊ እቶት 20 ዕጽፊ ናይ ጋና ክኸውን ክኸውን በቒዑ። ናይጀርያ እውን እንተኾነት፡ ካብቲ ነዳዲ ከተውጽእ ዝጀመረትሉ 1960ታት ኣትሒዛ ኣስታት 600 ቢልዮን ዶላር እቶት ካብ ነዳዲ ዘይቲ ዝረኸበት እያ። ይኹን'ምበር ኣብ 2004 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዘርኣዮ፡ እቲ ኣስታት 400 ቢልዮን ዶላር ካብ ነዳዲ ዝረኸበቶ እቶት ሸታትኡ ከምዝጠፍአ'ዩ ዝፍለጥ። እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ግና ብመረር ድኽነት ይሳቐ ኣሎ።

እዚ ጸገም'ዚ ክሳብ ክንደይ እናሰፋሕፍሐን ናይ ሓባር እናኾነን ኣብ ሰፊሕ ክፋል'ዛ ኣህጉር ንዕቑዱት ክቕጽል ከኣሉ ዘርግም እዩ። ማርቲን መረዲዝ ኣብታ ኣብ 2011 ዝሕተማ 'ኩነታት ኣፍሪቃ' ትብል መጽሓፉ፡ "ሽሕ'ኳ ኣፍሪቃ ካብ መጠን ንላዕሊ ብዙሕነት ዘለዋ ኣህጉር እንተኾነት፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ብዙሕ ዘመሳሰለን ኣለወን። ከም ሃገር መሬጠርን ካብ ግዝኣታት ዝበቖላ ኮይነን ጉ ተመሳሲሉ ጸገምን ሓደጋን ዝገጥመን ዘሎ እዩ። እቲ ዘበርም መንግስታት ኣፍሪቃ፡ ካብ ግዜ ናጽነተን ክሳብ ሕጂ ዘሎ 50 ዓመት ዝተሳቐይኦ ተመሳሳሊ ሕማቕ ዕድል ምኻኑ'ዩ።" ይብል።

ብዓይኒ ልምዓት፡ ካብ ግዜ መግዛእቲ ጀመራ ኣፍሪቃ ኣብ ሓሙሽተ መድረኽ ከፋፊልካ ክትርአ ትኽእል እያ፦ 1. መድረኽ ምዝመዛ ብግዛእቲ 2. መድረኽ መቦኣታዊ ህንጸት ሃገር (ካብ 1950ታት - 1960ታት) 3. መድረኽ ገዚፍ ኣህጉራዊ ሓገዝ (ካብ 1970ታት - 1980ታት) 4. መድረኽ ድሕሪ ዝሓለፈ ኩናትን ዓውለማን (ካብ 1990ታት - 2015) 5. መድረኽ ድሕሪ 2015 ናይ ልምዓት ኣጀንዳ (ካብ 2015 ንድሕሪት ዘሎ)።

ሓደጊ መግዛእቲ ገና ክሳብ ሕጂ ዓቢ ጸልዋ ኣለዎ። ሓቒ'ዩ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ትሕቲ ኣገዛዩ ሕማቕ ኩነታት'የን ናጽነተን ረኺበን። ውሑድ መሰረት ዘለዎ ሕርሻን ኢንዱስትርን'የን ተረኪበን። ንቅልጡፍ ዕብየት ዘድሊ ሰብኣዊ ማልን ካፒታላዊ ርእሰማልን ኣይነበረን። እቲ ን400 ዓመታት ዝቐጸለ ሰጋር ኣትላንቲክ ንግዲ ባርነት ኣፍሪቃ ከቢድ ጸልዋ ኣሕዲሩለን እዩ። ኣቐዲሙ ኣብ ወሽጢ ዞባን ኣብ ካልእ ዞባታትን ንግዲ ባርነት ነይሩ'ኳ እንተኾነ ብውሑድ ዓቐን እዩ ዝነበረ። እቲ ናይ መጀመርያ መድረኽ መግዛእቲ ብሰፊሕ ሰብኣዊ ምዝመዛን ዝምታ ባህርያዊ ጸጋን'ዩ ዝፍለጥ። ቁጠባ ኣፍሪቃ ንምዝመዛ ተባሂሉ ዝተዋደደ ኮይኑ ንረብሓ ግዝኣቲ ዘገልግል'ዩ ነይሩ። ዝበዝሐ ትሕተ-ቅርጺ ንወሽጣዊ ልምዓት ዘይኮነ ንናይ ሰደድ ዕዳጋ ዝዓለመ እዩ ነይሩ። እቲ ሽቃሎ ንምቁጽጻር ዝግበር ዝነበረ ሜላ ቁጠባ እተን ግዝኣታት ናብ ምልኣኽ ሓደ ንጹል ምህርቲ እዩ ቀይሩዎ። ጋረዝ ኣውስቲን ኣብታ 'ቁጠባዊ ምዕባለ ኣፍሪቃን ሓደጊ መግዛእትን-2013' ትብል ጽሑፉ፡ "ሕብረተሰብ ኣፍሪቃ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከሎ ጥረ-ነገራት እናልኣኸ ዝተሰዐ ኣፍራሉን መሰቢን ካብ ደገ ክእቱ ምስ ጀመረ እዩ ኑቡሉ ምኽኣል ኣቋሪጹ። ዋላ'ኳ ሰደድ ሕርሻ ካብ ቅድመ-መግዛእቲ ክምዕበል ጀሚሩ እንተነበረ፡ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ እቲ ከም ተቀማዲ ብልጫ ናይ ዝበዝሓ ቀጠባ ኣፍሪቃ ዝርአ ቅኑብ ካብ መግዛእቲ ዝተጠርየ ውሕልና ዝሓልፍ ኣይኮነን።" ይብል።

ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ፍልቀት ኣህጉራዊ ዲናሚክነትን ኩነታትን ብዘገድስ ካብ መግዛእቲ ናጻ ካብ ዝኾና ኣትሒዘን ክሳብ ሕጂ ብቐጻሊ ዕድላት ክሓልፈን መዋጥር ከጋጥመን ጀሚሩ'ዩ። ኣብቲ ቀዳሞ ዝበረ እዋናት ምህናጽ ሃገር፡ ሸቶ መንግስታት ኣፍሪቃ ርእሰምሕደራዊ መንግስታት (ኣውቶኖሞስ) ምህናጽ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ እቲ ሓያል ተጻራሪ ሓይሊ ንድሕሪት ጉቲቱ ናብ መዋቕረውን ስኡእምሮኣውን ጽግዕተኛነት ኣምሪሒወን'ዩ።


ኣብ ዘመን ዋሕዚ ረድኤት 1970ታትን 1980ታትን፡ ዝያዳ ኣቓልቦ ናብ ድኻታት፡ 'ድርብ ቀጠባ' (ኣብ ሓደ ሃገር ክልተ ኣዝዩም ዝተፈላለዩ ጽላታት ምስ ዝተፈላለየ ደረጃ ምዕባሌ ቴክኖሎጂን ኣፍራይነትን ዘለዎም) ንምእራም ዝጸለመ'ኳ እንተነበረ ኣፍሪቃ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ዕግርግር፡ ቀቢላዊ ግጭታት፡ ኩናት፡ ዘይቅርዑይ ምሕደራን ብልሽውናን እቲ ዕድል እንደገና ኣምለጣ። ድሕሪኡ፡ ምእታው ናብ 1990ታት ኮነ፡ ምብቃዕ ዝሓለፈ ኩናት፡ ምስግጋር ናብ ዘመናዊ ፖለቲካን ቀጠባዊ ኩፍትነትን ዓውለማን። እቲ ንኣፍሪቃ ዕድል ክኸውን ዝኽእል ዝበረ ድማ፡ ንኣፍሪቃ ብደሀ ኮይኑ ደኣ ቀረበ፡ ቁመና እተን ሃገራት ነቲ ዝገጠመን ብደሀ ዝምልስ ኣይነበረን። ነቲ ዝቀያየር ዝበረ ዓለም ምርዓም ከቢድ'ዩ ነይሩ። ምናልባት እቲ ውድቀት፡ ኢንዱስትርያውነት ኣብ ትሕቲ ዓውለማ ብምልኣት ካብ ዘይምጭባጥ ዝቕጸለ ክኸውን ይኽእል።

ዓውለማ ብፍላይ ፋይናንሳዊ ክፉትነት (ናጽነት) ናይ 1990ታት ብዙሓት ብኣሉታ ዘይረኣይዎ ረቒቕ ሓይሊ ነይርዎ እዩ። ደቡብ ኮርያ እውን እንተኾነት ዓውለማ ንምምጣት ኣብ 1994 ዝወጸኣቶ ሃገራዊ ፖሊሲ በቲ ናይ 1997 ፋይናንሳዊ ቅልውላው እሲያ ብከቢድ ተጠቒዑ እዩ። ንዓለማዊ ቀጠባዊ ኩነታትን ኣመትን ከም ወሁብ ወሲድካ ንድሕሪት ተመሊስካ ክትግምግሞ ከለኻ ምናልባት እቲ ናይ 1990ታት ናይ ብዙሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ዓቕሚ ኢንዱስትርያውነተን ክሒይላ ናይ መወዳእታ ዕድል ዝሁብ ዝበረ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምቕልቃል ሓደሽቲ ሃብታማት ኣፍሪቃ ወይ ገዛፍቲ ዋኒናት ተኣማኒ መለክዒ ናይ ሃገራት ቀጠባዊ ምዕባለ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ምስ ምእዋጅ ዘላቒ ሽቶታት ልምዓት 2030፡ ዓለማዊ ስርዓት ልምዓት ናብ ሓደሽ ምዕራፍ ደሲሮር ኣሎ። እዚ ምዕራፍ'ዚ ድሕሪ ምዝዛም ሽቶታት ልምዓት ሚለንዩም ዝመጸ እዩ። ካብ ሽቶታት ልምዓት ሚለንዩም ክቕሰም ዝኽእል ምናልባት እዚ ዓለማዊ ጻዕሪ ንናይ ኣፍሪቃ ሰብኣዊ ድሌታት ጸቡቕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን'ምበር ንሃገራት ኣፍሪቃ ናብ ዝዓበየ ዋንነት ኣሲጊሩ ብዝዓበየ መልክዕ ልምዓታዊ ገስጋስ ኣብ ምድፋእ ኣድማዒ ኣይኮነን።

እቲ ግርምቢጥ ግና እዚ ኩሉ እናኾነ ሃገራት ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ልምዓተን ዝያዳ ክፍጹኣቃን ካብቲ ዓቐቲ ክወጻ ዝድለ ስጉምቲ ንምውሳድ ህንጡይነት ክርእያን ዝግበኣን ክንሰን ብዙሕ ከዓጠን ኣይተራእያን። እዚ እናኾነ ከሎ ዕቱብ ዘተን ክትዓትን ኣብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ናይ ልምዓት መድረኻትን ከም ኮሚቲ ውድብ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ልምዓታዊ ሓገዝን (OECD) ዝኣመሰሉ ክካየዱ ጸኒሖም ኣለዉ። ማዕረ ማዕረኡ ግን ዕቱብ ድልያ ሂወት ብኣፍሪቃውያን ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ተሳኢኑ ኣሎ።

ይቕጽል . . .




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284

# ሳዋ፡ ዕቱብ ምርጫ ንውሑስ መጻኢ

## ኩሉኔል እዝራ ወልደገብርኤል (2ይ ክፋል)

እዚ ብምኽንያት መበል 30 ዓመት ምምስራት ማእከል ስልጠና መንእሰያት ሳዋ እነቕርበልኩም ዘለና ሓጺር ጽሑፍ፡ ጽምብል ብሩራዊ እየቢልዩ ማእከል ስልጠና ሳዋ ምኽንያት ብምግባር ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ኣብ መጽሓፍ ዋርሳይ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ-10 ሰፊሩ ዘሎ እዩ።

***

ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ሳዋ ክምስረት ምስ ተወሰነ፡ ደብሳይ ግደን (ኩሉኔል) እዝራ ወልደገብርኤልን (ኩሉኔል)ሓደ ጉጅለ ሒዞም ንሳዋ ክወርዱ ብዝዀነ ተኸሊዩ ሃብተስላሴን ሃይለ ሳሙኤልን ተሓቢሮም። ብ14 ሚያዝያ 1994 ከኣ ሓንቲ ንእሽቶ መኪና፡ ሓንቲ ኦራል ወተሃደራዊ መኪናን ሓንቲ ኢኑትረን ሒዞም ምስ 16 ርእሶም ንሳዋ ወረዱ። ሳዋ ካብ 1983 ክሳብ 1985 (ምዝላቕ ባርንቱ) ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ መደበር ታዕሊም ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ የገልግል ስለዝነበረ፡ ነቶም ጉዳይም ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ደብሳይን እዝራን ሓድሽ ቦታ ኣይነበረን። ይኹን'ምበር ለይቲ ስለዝኣተው፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ብልምዲ "ታባ ወዲ ዘጾ" እናተባህለ ዝጽዋዕ ኣብ ክሊ መዓስከር ብሸንኽ ሰሜን ዝርከብ ኩጀት ሓዲሮም፡ ንጽባሒቱ ንግሆ መሬት ምስ በርሀ፡ ዝሓፍርሉ ቦታ መረጹ። ኣብ ከባቢ ናይ'ዚ ሕጂ ቤት ጽሕፈት ስታፍ ሎጂስቲክስ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘሎ ቦታ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ቴንዳ ብምትካል ድማ፡ ነዚ ሕጂ 30 ዓመቱ ዝመልአ መሰረሕ ህዝቢ ሳዋ ኣሃዱ ኢሎም ፈለምዎ።

ኣካባቢ ሳዋ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ብኣግራብን ቆጥቋጥን ዝተሸፈነ ብምንባሩ፡ ኣይተሓንጾ ብመኪና ብእግር ክትንቀሳቐስ እውን ኣጸጋሚ'ዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ መጀመርታ ኣብ'ዚ ጣቓ በረኻ'ዚ ናብራ ከቢድ'ዩ ዝነበረ። ዝነበረ ይኹን ንእሽታዊ ማይብሮ ዝሰተዉን ማይ፡ ብኦራል ገርካ ካብ ሩባ ሳዋ ብጀራሪካት እዩ ዝግረት። እቲ ንሳዋ ዝሽደሉ ግዜ፡ ብበርቱዕ ሃሩርን ካምሲንን ዝለለ ወቕቲ ብምንባሩ፡ ኣዝዩ በዳሂ'ዩ ነይሩ። ኩሉ ግን ብተጻዋርነትን ምጽማምን ተሰጊሩ። እቲ ዝነበረ ብርቱዕ ህቦብላዊ ንፋስ (ካምሲን)፡ ነቲ መጸለሊ ቴንዳታት በጥቕሉ ይወስዶ ስለዝነበረ፡ ካብ ህዘቢ ናይቲ ከባቢ ቃሮጫ ናይ ብልቱግን መሸላን ብምግዛእ ነቶም ምስኦም ዝነበሩን ድሒሮም ዝመጹን ኣባላትን ዝሸፈን ኣጉዶ ክሰርሑ ጀሚሮም። በቲ ዝነበረ ወሰን ዓቕሚ ሰብ ከኣ ብሓያል ጻዕሪ ገለ መጠለሊ ዝኸውን ኣጉዶ ተሰሪሑ።

ብኸምዚ፡ መዓስከር ናይ ምድላው ስራሕ እናቐጸለ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣቢሉ፡ ደብሳይን እዝራን ናብ ኣስመራ ተጸዊዖም፡ ብሚኒስተር ምክልኻል፡ ሓለፍቲ ታዕሊም ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮይኖም ተመዲቦም ከምዘለዉ ተገልጸሎም። ንኣወዳድባ ታዕሊም ብዝምልከት ሰፊሕ ሓበሬታ ተዋሂቡዎም ከኣ፡ ነቶም ኣብ ስልጠና ዝጽንሑ ኣባላት ጠርኒፎም ሳዋ ክወርዱ ተኣዘዙ።

ማዕረ-ማዕረ'ዚ፡ ኣብ እምባትካለን ኣፍዓበትን ዝቐደድ ዝነበረ ወተሃደራዊ ስልጠና ኣብ ምዝዛሙ ስለዝነበረ፡ ብ3 ግንቦት 1994 ኣብ እምባትካላ ኣብ ዝተኻየደ ናይ መዛዘሚ ኣኼባ፡ ስውእ ብጻይ ሃይለ ሳሙኤል (ቻይና)፡ መንግስቲ ኣውጺእዎ ዝሎ መደብን ናይ ርሑቕ ዕላማኡን ብምግላጽ፡ ብኣድማዕነት ንምትግባሩ ከቢድ ስራሕ ከምዝሓትት፡ ስለዚ ድማ ብትግሃትን ተወፋይነትን ዝተዋህበ ዕማም ክፍጸም ተላብዩ። ናይ ኣሎዎ ሓለፍቲ ኣመዳድባ ኣብ'ቲ ኣኼባ'ቲ ሓቢሩ። ናይ ካልኦት ሓለፍቲ ኣመዳድባ ኸኣ ኣብ ሳዋ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ ክነግር ምኻኑ ገለጸ።

በዚ መሰረት፡ እቶም ቀዳሞት ዝጠዘሉ ኣባላት፡ ብ9 ሰነ 1994 ንሳዋ ክወርዱ ከለዉ፡ ዝተረፉ ብእኩብን በበወልቅን ክሳብ መወዳእታ ሰነ 1994 ሳዋ ኣተዉ። ቀዳሞት ኣባላት ሳዋ ካብ ዝኣተዉሉ ግዜ ጀሚሩ ከኣ፡ ጸዕቂ ስራሕ ምቑጥቋጥ ኣግራብ፣ ምኹዓት ዒላ ማይ፣ ምትካል ቴንዳታት ንመንበሪ ተዓለምቲ፣ ምስራሕ ኣጉዱ መንበሪ ኣባላት፣ ምቕባልን ምዕቃብን ዝተፈላለየ ካብ ኣስመራን ከሰላን ዝመጽእ ዝነበረ ንብረት፣ ምድላው ሕጋጋት መዓስከርን ትምህርታዊ ንጥፈታትን፣ ምድላው ቅርጻን ኣወዳድባን ኣሃዱታትን ኣመዳድባ ሓለፍትን...ወዘተ. ኣብ ዝኣመሰለ ከቢድ ዕማም ተጸምዱ። ዒላ ናይ ማይ ንክልተ ሰሙን ዝኣክል ብጉልበት ተኻዒቱ ማይ ስለዘይተረኽበ፡ ብድረል ከም ዝኹዓት ተገይሩ። ምቑጥቋጥ ኣግራብ ዳርጋ ዝጠዘሐ ብጉልበት ምስ ተወደአ፡ ማሽነሪ መጺኡ ነይሩ፡ ብዙሕ ግን ኣይሓገዘን። ብሓፈሻኡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣዝዩ ጸዕቂን ትንፋስ ዘይህብን ስርሓት'ኳ እንተነበረ፡ ብሓያል ተጻዋርነት፡ ትግሃት፡ ተወፋይነት፡ ልዑል ናይ ምትሕግጋዝን ምምልላእን መንፈስ ናይ ኩሎም ኣባላት፡ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ካብ ዝተመደበ ግዜ ቀዲሙ ይውዳእን ብጽሬት ይዕመምን ነበረ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ 1ይቲ ብርጌድ ናይ ክፍሊሰራዊት 491 ኣብ ሓለዋን ማእቶታዊ ስራሕን ትተሓጋገዝ ነበረት።

ታዕሊም ሃገራዊ ኣገልግሎት እምበኣር፡ ብናይ ሸው ኣባላት ማእከላይ ክፍሊ ታዕሊም፡ ኣባላት ታዕሊምን ህንጻን ኣርባዕተን ኮራት፡ በዘሎያኦም ክሰርሑ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ካብ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ዕቃብ ብረት፡ ሎጂስቲክስ፡ እንዳ ኤለክትሪክ፡ መዳዓዚያ፡ ጋራጅ፡ ኑዩ፡ ከምኡ'ውን ንወተሃደራዊ ፖሊስ (M.P) ተባዚሎም ካብ ኣርባዕተ ኩራት ዝተሳሕቡ ኣባላት፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ነይሮም ጸዉዒት ዝተገብረሎም ኤርትራውያን ወዘተ. ዘቖምዎ ኣሃዱ ኮይኑ፡ ኣዘዙ ደብሳይ ግደ (ኮሎኔል)፡ ምክትል ኣዘ. ከኣ እዝራ ወልደገብርኤል (ኮሎኔል) ብምኻን፡ ኣብ ሓሙሽተ (5) ናይ ታዕሊም ብርጌዳትን ትሽዓተ (9) ክፍልታትን (ትምህርቲ፡ ምምሕዳር፡ ሎጂስቲክስ፡ ሕክምና፡ ህንጻ፡ ፋይናንስን ዕድግን፡ ዜናን ሓበሬታን፡ ኤለክትሪክ፡ መራኸቢታት) ተወዲቡ፡ ንምቕባል ቀዳማይ ዘርፊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድልው ኮነ።

ልዕሊ 10,000 መንእሰያት ኣብ ሓደ ግዜ ንምዕላም ዘኽእል ምድላዋት ናይ ዓቕሚ ሰብ፡ ሎጂስቲካዊ ቀረባት፡ ትሕተ-ቅርጻዊ ምድላዋት ወዘተ.. ኣዝዩ በዳሂ እዩ ነይሩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ መወዳእታ ሰነ 1994 ብኣካል ናብ ሳዋ ድሕሪ ምምጽኡ፡ ብውሑዱ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ሰሙን እናተመላለሰ ምዕባለታቱ ይከታተሎ ስለዝነበረ ግን፡ ኩሉ ምድላዋት ብስሉጥ ይሰላሰል ነበረ። ምትሕግጋዝ ናይ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስቲ በበዝምልከተን መደብ ስራሕ'ውን ዕዙዝ ነበረ።

እቲ ኣብ ባሕቲ ነሓሰ 1994፡ ጎደኒ ጎደኒ መዓስከር ናይ ምህናጽ ከቢድ ስራሕ ዝጀመረ 10,820 ተዓለምቲ ዝተሳተፍዎ ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ፡ 1ይ ዘርፊ ምስልጣን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዓይነት በዳሂ ኩነታት ብ29 ታሕሳስ 1994 ብዓወት ተዛዚሙ። ታዕሊም 1ይ ዘርፊ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንቀጻልነት መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድልዱል ባይታ ኣንጺፉ፡ ንዝቕጽሉ ዘርፍታት ዓቢ ተመኩሮ ዝተቐሰመሉ እዩ ነይሩ።

ኣብ ዝቕጽሉ ዘርፍታት፡ ብዙሒ ስልጠንቲ እናዛየደ ይኸይድ ስለዝነበረ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣወዳድባኡ ካብ ደረጃ ብርጌዳት ናብ ክፍለ ሰራዊት ከምዝዕቢ ተገይሩ። ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ መደብ ታዕሊም ኣውጺኡ ድማ፡ ክሳብ 8ይ ዘርፊ ብልሙጽ መደቡ፡ ኣሰላሰለ። ኣብ 1998 ስርዓት ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራር ምስ ኣወጀ፡ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል፡ ምስቲ ዝነበረ ናይ ኩናት ሃዋህው ብምትዕጽጻፍ፡ ከም ኩነታቱ ካብ 2-4 ኣዋርሕ እናዓለመ ክሳብ 15 ዘርፊ ናይ ምስልጣን ስርሑ ቀጸለ።

ኣብ መበል 16 ዘርፊ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ማለት ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2002/2003፡ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ሳዋ ስለዝተመስረተ፡ ኣብዘን ዝቕጽላ ዘርፍታት ዝተሳተፉ መንእሰያት፡ ናይ 12 ክፍሊን መዛለዊ ማትሪክ ትምህርቲን ኣብ ሳዋ ድሕሪ ምዝዛም፡ ወተሃደራዊ ስልጠና ከምዝወስዱ እናተገብረ፡ ወተሃደራዊ ታዕሊም ን3 ኣዋርሕ ክኸውን ተወሲኑ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ከኣ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣማኢት ኣሽሓት መንእሰያት ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣሰልጢኑ ኣብ ልምዓትን ምክልኻልን ሃገር ኣዋፊሩ።

ኣብ መንእሰያት ዝዋሃብ ጻዕርን ወፍርን ተማላላእን ወሀደን ምስዝናዕውን ዝሕፈስ ምህርቲ ሓያልን ውሑስን ዝተኣማምንን ከምዝኾነ ታሪኽ ቃልስና ዓቢ መምህር እዩ። ኣጉዳሰት ምውህሃደን ምትሕብባርን ንምጉላሕን ዝተባህለ ስነ-ፍልጠታዊ ኣበሃህላ ኣሎ። "ተመላላእነት (ምትሕብባር) ብዘይ ምውህሃድ ፍረ ኣይህብን፡ ምውህሃድ ድማ ብዘይ ተመላላእነት ሰር የብሉን።"

ኣብ ሳዋ፡ ማዕረ ወተሃደራዊ ስልጠና ዝቕደድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ስርሓት እውን ብቐንዱ ኣብ ምውህሃድን ምምልላእን ዝተሰረተ እዩ ነይሩ። ብምትሕብባር ናይ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ዝተኻየደ ፖለቲካዊን ሕብረተሰባዊን ትምህርቲን ንጥፈታትን ድማ፡ ሓበራዊ መረዳእታ፡ ሓበራዊ ፍታሕ፡ ሓበራዊ ዋንነት ብምሕያሉ ኣብ ምህናጽ ሃገራዊ መንነት ልዑል ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

### እቲ ካልእ ንጥፈታት ሳዋ

ኣብ ሳዋ ብዘይካ ምስልጣን ሓደስቲ ተዓለምቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ካብ ሰራዊት ንዝመጹ ኣባላት ምዱብ ሰራዊትን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዝተፈላለየ ስልጠናታት ይወሃብ እዩ። ስልጠና ሕጹያት መኮንናት፡ ስልጠና ፍሉይ ሓይልታት፡ ስልጠና ወተሃደራዊ ሃንደሳ፡ ስልጠና ኣጸዋር (ምምራሕ ታንክ፡ መዳፍዕ፡ ረሻሻት፡ ጸረ ታንክ፡ ጸረ-ነፈርቲ፡) ስልጠና ካርታ፡ ቋንቋ እንግሊዝን ኮምፒዩተርን ርክብ ወተሃደራዊ ሬድዮታትን ዳታትምን ምምራሕ መካይን ዘጠቓለለ ስልጠናታት፡ ብዝተፈላለያ ማእከላት ስልጠና ክሳብ 2007 ይወሃብ ነይሩ። ምስ ምምስራት "ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት" (ማሞስ) ግን እዘን ኣብ ሳዋ ዝጠቐሳ ዝነበራ ወተሃደራዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናብ ምዕጥር ከምዝዓዛ ተገይሩ።

### ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎን ማሞስን-

ካብ መፋርቕ 2003 ንድሓር፡ ኣብ ዕማማት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ተወሳኺ መደባት ስራሕ እናተደረበዩ ኸይዱ። ሓደ ካብዚ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ እዩ። እዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ፡ ካብ 15 ብዘይጠዘሐ ናይ ምሕደራ ሰታፋትን ብኣስታት 400 መምህራንን እዩ ስርሑ ጀሚሩ። ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ከኣ ኣብ መሰርሕ ትምህርቲ፡ ኣብ ምምሕዳርን ምእላይን እዃም ተመኩሮ ሓለፍቲ ወሲዱ ይሰርሕ።

ድሕሪ ምቛም ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝዓበየ ሓዲሽ መደብን ዕማምን ምቛም ማእከል ሞያዊ ስልጠና (ማሞስ) ኣብ 2005 እዩ። እዚ ማእከል'ዚ ነቲ "ባዶ ብኸሎት ጸጋታት ዓቕሚ ሰብ" ዝብል ናይ መንግስቲ ፖሊሲ ከተግብር ዝቖመ ናይ ሞያ ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብ ምእላይን ምምሕዳርን ስልጠንቲ ማሞስ ክሳብ 2007 ብዘይካ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ካልኦት ኩለን ማእከላት ስልጠና ሓለፍቲ ወሲደን ይሰርሓ እኳ እንተነበራ፡ ኣብ 2007 ምስ ሓድሽ ኣወዳድባ ሳዋ፡ እተን ካልኦት ማእከላት ካብቲ ቦታ ተቐይረን እየን።

ብዘይካ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ካልኦት ካብ ሳዋ ክዮዕዛ ብዝተዋህበ መምርሒ ናይ መንግስቲ መሰረት፡ ማእከላት ስልጠና ኣጸዋር፡ መኮንናት፡ ወተሃደራዊ ሃንደሳ፡ ርክብ፡ ምስ 6 ናይ ኣገልግሎት ክፍልታተን ናብ ምዕጥር ክዮዕዛ እንከለዋ፡ ማእከል ስልጠና ፍሉይ ሓይልታት ከኣ ንዊዓ ሚሊዜ። ኩለን እዘን ኣካላት እዚኣተን ከኣ ኣብ ትሕቲ ሓደ እዚ፡ "ማእከል ወተሃደራዊ ስልጠናታት" ከምዝቖማ ተገብረ። ማእከል ስልጠና ቋንቋ ግን ምስ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ክትጽንበር ተወሲኑ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሳዋ ኣብ ምእላይን ምምሕዳርን ተመኩሮ ማሞስ፡ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሓለፍቲ ወሲዱ ይሰርሕ ኣሎ። ማሞስ ክሳብ ሕጂ ብሞያታት ንግድን ምሕደራን፡ ስነ ህንጻ፡ ማሽነሪ፡ ሕርሻ፡ ቴክኖሎጂ ሕርሻ፡ ስነሆቴልን ቱሪዝምን ካልእን ዓውድታት ሞያ ትምህርቲ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን መንእሰያት ሞያዊ ፍልጠት ኣዕጢቑ ናብ ሃገራዊ ህንጻ ኣዋፊሩ ኣሎ።

### ማእከል ስልጠና ፍሉይ ሓይልታት-

ከምቲ ኣብ ልዕሊ ዝተገለጸ፡ ኣብ ትሕቲ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝጥርነፉ ዝተፈላለያ ማእከላት ስልጠና ኣብ ሳዋ ይኹን ካልእ ቦታታት ንሞያ ውትህድርና ዝምልከት ብዙሕ ስልጠናታት ሂበን እየን። ሓደ ካብዘን ማእከላት፡ "ማእከል ስልጠና ፍሉይ ሓይልታት" እዩ።

እዚ ማእከል ስልጠና'ዚ፡ ካብ 1994 ክሳብ እዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዓሉ ሳዋ፡ ዊዓን ምዕጥርን ሓያሎ ዘርፍታት ብፓራኩማንዶ፡ ብናይ ሓደ ዓመት ትምህርቲ ፍሉይ ሓይሊ ከሰልጥን እንከሎ፡ ንመምህራን ኣ.ፒ.ጂ፡ ብሬን፡ ስናይፐር፡ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ሂቡ። ንሓያሎ ክፍለ ሰራዊታት ድማ ዝኸነመ ስልጠና ናይ ፓራኩማንዶ ሂቡ። ዝተፈላለዩ ብዙሓት ዘለዎም ኣህጉራውያን ተቓለስቲ ድማ በበግዜኡ ኣሰልጢኑ።

### ማእከል ስልጠና ኣጸዋር-

እዚ ማእከል'ዚ ካብ 1994 ክሳብ 1998 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ መማህራን ዝኾንዎ ካብ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ብርክት ዝበሉ ኣባላትን ምኩራትን ኣሰልጢኑ። ጠርኒፉ ዓቕሙ ክህብ ብምግባሩ፡ ኣብ ኣስመራን ማይ-ዕዳጋን ስልጠናታት ክህብ ዝጸንሐ ማእከል እዩ። እዚ ማእከል'ዚ ኣርባዕተ ጨንፈራት ዘለውዎ ኮይኑ፡ ብዝተፈላለየ ዓይነት ስልጠና ኣጸዋር ማለት ታንክ፡ መዳፍዕ፡ ጸረ-ነፈርቲ፡ ጸረ-ታንክ፡ ኣጋር ከቢድ ብረት፡ ኣሽሓት ሞያውያን ከበድቲ ኣጸዋር ኣሰልጢኑ።

### ማእከል ስልጠና መኮንናት-

እዚ ማእከል ስልጠና'ዚ ካብ 1993 - 1995 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ኣብ እምባትካላ፡ ኣህጉራዊ መለክዒታት ዘማልአ ሰራዊት ንምቛም ዝሕግዝ ንወተሃደራዊ ባህልን ስነ-ምግባርን ወተሃደራዊ ስልፊን ጽምብልን ዝምልከት ስልጠናታት ንመራሕቲ ሰራዊት ሂቡ። ኣብ 1995 ኣብ መዓስከር ደንጎሎ፡ ምስ ምምስራት ሳዋ ዝተኣሰረ ናይ ዓለምቲ ስልጠና ክህብ እንከሎ፡ ሓያሎ ጽሑፋት ናይ ምትርጓም ስርሓት ኣካይዱ፡ ብደረጃኡን ዓይነቱን ዝበኾመ ናይ ሕጹያት መኮንናት፡ መሰረታዊ ኣጋር ኮርስን ቤት-ትምህርቲን ንምቛም ዘድሊ መጽናዕትን ምድላዋትን ገይሩ። እዚ ማእከል'ዚ ኣብ 1998 ምስ ኩለን ንማእከል ስልጠና ሳዋ ዘቖማ ኣሃዱታት ናብ ሳዋ ወሪዱ ኣቃውማኡ ኣይልዳለ። ምትርጓም ዘይተመልኡ መጻሕፍቲ ብምቕጻል፡ ናይ ካዴት (ሕጹያት መኮንናት) ኮርስ ንምጅማር ዘድሊ ምቅርራብ ጌሩ። መማህራን ብምውፋብን ብምቕራብን ከኣ ክልስ-ሓሳባዊን ግብራውን ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ብምክያድ፡ ቅድመ ምድላዋት ኣጻፊፉ፡ ማስተር ፕሮግራም ትምህርቲ ካዴትን በየዛክበ ኣጻፊፉ፡ ስልጠና በየዛክበ ሕጹያት መኮንናትን ጀሚሩ፡ ክሳብ ሕጂ ኣሽሓት ሓለፍቲ ሰራዊት ኣሰልጢኑ ኣሎ።

### ማእከል ስልጠና ወተሃደራዊ ሃንደሳ-

እዚ ማእከል ስልጠና'ዚ ኣብ ግዜ ቃልሲ (ሜዳ) ኣብ 1978 ኣብ ጊንዳዕ ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ምስ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ናብ ሳሕል ዓራግ ኣምሪሑ። ቀጺሉ ናብ ዓንበርበር ብምግዓዝ ንጥፈታቱ ብምምዕባል፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕያል ሞያ ተዋጋኢ ወተሃደራዊ መሃንደስ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝነበረ ኣሃዱ እዩ። ድሕሪ ነጻነት ስርሑ ኣቋሪጹ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ25 ታሕሳስ 1998 ኣብ ትሕቲ ጽላል ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ተወዲቡ ስርሑ ጀሚሩ፡ ንጥፈታቱ ኣብ ምስልሳል ደርኩቡ። እዚ ማእከል ስልጠና'ዚ ሳዋ ካብ እትምስረት ንኣሽሓት ኣባላት ሰራዊት ስልጠና ሂቡ ኣሎ።

### ማእከል ስልጠና ምልክት (መራኸቢታት)-

ካብ 1994 - 1996 ኣብ ትሕቲ ስታፍ መኩዛን ርክብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ክልሰ-ሓሳብ ወተሃደራዊ ርክብን ናይ ዝተፈላለያ ሬድዮታት ኣጠቓቕማን፡ ከምኡ'ውን ንመምሃሪ ዘገልግል መጻሕፍቲ ብምድላው መጀኦታዊን ማእከላይን ደረጃታት ናይ ወተሃደራዊ መራኸቢታት (ኦፕረይተራት) ስልጠናታት ይህብ ነይሩ። ኣብ ታሕሳስ 1998 ድማ ናብ መዓስከር ሳዋ ብምጽንባር፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኮይኑ "ማእከል ስልጠና ምልክት" ተሰምዩ ስርሑ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ማእከል ስልጠና'ዚ እውን ብተመሳሳሊ ንኣሽሓት ኣባላት ሰራዊት ስልጠና ክህብ በቂዑ።

ይቕጽል . . .

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ክብርታት፡ ክብረት የምጽኡ (2)

ኤርምያስ ሰሎሞን

## ዕዮ... ፈጻሚ ራእዩ!

"ሃካይ ሰብ ዕድለኛ ኣይኩንን" ዝብል ምስላ ዓረብ ኣሎ። ዕድል ኣብ ምንቅስቓስን ኣብ ምፍታሽን እዩ ዝርከብ። እቲ ሓድሽ ነገር ዝፍትን ሰብ፣ ሓድሽ ነገር ክረክብ ዘሎ ተኽእሎ ንእሽቶ ኣይኩነን። እቲ፣ ለውጢ ገዛኡ ኳሕኩሑ ክመጾ ዝጽበ ሰብ፣ ክርመስን ንድሕሪት ክጕተትን ዘሎዎ ተኽእሎ'ውን ንእሽቶ ኣይኩነን። ትህኪት ሓደ ካብ ዓበይቲ ጠንቅታት ውድቀት ሓደ ሰብ እዩ። ትህኪት፣ ካብ ንመሓውርና ንላዕሊ፣ ንኣእምሮና እዩ ዘልምሶ።

ኮሊን ተርነር፣ ኣብታ "ቦርን ቱ ሳክሲድ" እትብል መጽሓፉ፣ "ትህኪት፣ ልምዲ ናይ ከይደኸምካ ምዕራፍ እዩ" ብምባል ይገልጾ። እቲ ዝኸፍአ ገጽ ናይ ትህኪት፣ ሓንሳእ ከም ኣመል እንተ ሰሪጹ፣ ክትኣልዮ ኣዝዩ ከቢድ ምዃኑ እዩ።

ትህኪት ከም ኣምር፣ ብዙሕ ገጻት ኣሎዎ። እቲ ሓደገኛ ጫፉ፣ ክሳዕ ከይሰራሕካ ወይ ከይረሃጽካ ክትነብር ምድላይ ዝኸይድ እዩ። እቲ ኣብ ብዙሓት ሰባት ዝርአ ናይ ትህኪት ገጽ ግና፣ "ንጽባሕ" ምባል እዩ። ሎሚ ክትገብሮ ንእትኽእልን ክትገብሮ ዝግብኣካን ነገር፣ ናብ ጽባሕ ምስግጋር ግናይ ኣመል እዩ። እዚ ብዋዛ ዋዛ ዝጅመር ሕማም እዩ። ቀስ ብቐስ ግና ናብ ሕዱር ልምዲ ይቕየር።

"ደሓን ጽባሕ ክሰርሖ እየ" ዝብል ምኽኒት፣ ንስራሕ ይሃሲ ይኸውን። ንመሳርሕትኻ'ውን የግድዕ ይኸውን። ብቐንዱ ግና ንዓኻን ንዕድልካን እዩ ዝሃሲ። ንስኻ ንስራሕካ ን"ጽባሕ" ብምባል ከተሰጋግሮ ከለኻ፣ ገለ ሰባት ከኣ መዓልቲ ሓጺርዎም ለይቲ ወሲኾም ይሰርሑ። እዚኣቶም ጽባሕ ንግሆ ካባኻ በሊጾም እንተ ተረኺቡ፣ ብፍጹም ክትግረም ኣይግባእን። ከተመኽኒ እውን መሰል የብልካን። ንፋዕ እንተ'ኼንካ፣ ካብ ጌጋኻ ቀልጢፍካ ተማሂርካ ከምኦም ክትከውን ጸዓር። እንተዘይኮይኑ ግና ጽባሕ፣ "እዚኣቶም'ኮ ትማል ምሳይ'ዮም ነይሮም" ኢልካ ሓደው ብቐንኢ ክትሓምዮም ኢኻ፣ ሓደው ከኣ ክትሓፍር ኢኻ። ፈቲኻ ጸሊእካ ግና ማዕሪኦም ኣይክትከውንን ኢኻ፤ ማዕሪኦም ስለ ዘይሰራሕካ።

ኩሉ'ዚ ሎሚ ተወዲኡ ንርእዮ ዘለና ነገራት፣ ሓደ ግዜ ስለ ዝተጀመረን ብድሕሪኡ ኸኣ ስለ ዝተቐጸለን ጥራይ እዩ። ዋላ ሓንቲ ኻልእ ምስጢር የብሉን። ዓወትን ዝተዛዘመ ቤትን ብዙሕ ግዜ ብሓደ ይምስሉ እዮም። ገዛ ክንዲ ዝወሰደ ግዜ ይውሰድ፣ ሓደ ሕጡብ ኣብ ርእሲ ኻልእ ሕጡብ፣ ሓደ እምኒ ኣብ ርእሲ ካልእ እምኒ ስለ ዝተደራረበ እዩ ኣብ መወዳእታ ገዛ ዂይኑ። ወይ'ውን ሓደ ሓጺን ምስ ካልእ ሓጺን ስለ ዝተላገቡ እያ ቅርጺ ገዛ ሒዛ። ስለዚ ሎሚ ገለ ነገር ግበር። ጽባሕ ከኣ ካልእ ነገር። እዞም ተግባራት ተደራሪቦም ዘርእዩኻ ተኣምር ኣሎዎም። ምስጢር ናይ ዝበዝሑ ዕዉታት ሰባት እዚ'ዩ።

ሓቂ'ዩ ሂወት ኩሉ እዩ ዘድልያ። ክትሰርሕ ኣለዋ፣ ክትዘናጋዕ ኣለዋ፣ ክትፈልጥ'ውን ኣለዋ። እቲ ሓደ ካብቲ ኻልእ ዝያዳ የገድስ ንምባል ኣይኩነን። እቲ ሓደ ካብቲ ኻልእ ዝያዳ ግዜ ከም ዘድልዮ ግና ዘካትዕ ኣይኩነን። ምኽንያቱ፣ ኣብ መወዳእታ ዓለም ውድድር እያ። እቲ ኣብ ዓለም ዝግበር ውድድር ቀሊል ስለ ዘይኮነ ኸኣ ዝያዳ ክትሰርሕ ከም ዝግባእ ፍሉጥ እዩ። እቲ ምርጫ ናትካ እዩ። እቲ ዕጫ ግና ኣብ ኢድካ ኣይኩነን ዘሎ። ሃሰው ኢልካ ኢኻ ክትረኽቦ። ሃሰው ምባል ከኣ ስራሕ እዩ። ካብ ሕጂ ክጅመር ዝግብኦ ስራሕ። "ንጽባሕ" ምባል ዘየድልዮ ስራሕ።

* ብዙሕ'ሞ ሃሰው በል፣ ገለ ኣይክትስእንን ኢኻ። ኩሉ ሳዕ'ሞ ሃሰው በል፣ ሓደ መዓልቲ ብርግጽ ክትረክብ ኢኻ።

## መንነት... ቅዱስ ቀይዲ!

ስድራናን ኣከባቢናን ንሕና ክንኮኖ ዝብህግዎ ኣሎዎም። ንሕና ድማ ክንኮኖ እንምነዮ ነገር ኣለና። ዓለም ድማ በቲ ዘሎዋ ማእለያ ዘይብሉ መርበባት ገይራ፣ ኣብ ገሊኡ ብፍላጥ ኣብ ገሊኡ ድማ ብዘይፍላጥ ከመይ ክንከውን ከም ዝግብኣና ትሕብረና።

እዚ ኹሉ ጽልዋታት ብዘየገድስ ግና ንሕና ኣብ ሓደ ክፋል ናይ ምድሪ፣ ምስ ገለ ውሱናት ኣባላት ናይዛ ምድሪ ኢና እንነብር። እቲ ሓቂ እዚ ክንሱ፣ እናሓንሳእ ኣብ ምሉእ ዓለም ንነብር ዘለና ይመስለና'ሞ፣ ኣብ ሓጺር እዋን ድማ ኩሉ ነገር ክንውንን ክንከውንን ንህንጠ።

ሓቂ'ዩ ዓለም ብዝተፈላለዩ ምዕባለታት "ናብ ቊሸት ትቕየር ኣላ" ኢና ንብል። እዚ ግና ዓለም ብምሉኣ ትምዕብል ኣላ፤ ህዝቢ ዓለም ድማ ብማዕረ ይርህዎ ኣሎ ማለት ከም ዘይኮነ ብሩህ እዩ። ገለ ካብ ምዕባለታት ዓለም ኩልና ብሓባር ነስተማቕሮ ኣለና። ኣብ ገሊኡ ግና ንዕዘቦ ወይ ነድንቖ ጥራይ እምበር ኣብኡ ንኽንበጽሕ ግዜን ጻዕርን ከም ዝሓተናስ ንርስዖ። ወዲ ሰብ ብባህሪኡ ደላዩ ጽቡቕ ስለ ዝኾነ፣ ነቲ ገና ንሱ ዘይበጽሖ ምዕባለ እዩ ዝምነ። ከምኡ ምምናይ ድማ ሕማቕ ነገር ኣይኩነን። እንተኾነ፣ እቲ ብትርኢት ዓይንን ብኰርታ እዝንን እትሓልሞ ዓለም ባዕሉ ጎፍ ዝብለካ ኣይኩነን።






ሕመረት ዕላልና፣ ባህግና ብመንጽር ዓለምናን ህሉው ኩነታትናን ምስ እነገናዝቦ፣ ነብስና ብግቡእ ንኽንፈልጥ ስለ ዝሕግዝ፣ ጸዓትናን ግዜናን እውን ብኸመይ ክነመሓድሮ ከም ዝግብኣና ኣይክጠፍኣናን እዩ ንምባል እዩ። እዚ ማለት ግና ሕልምና ክነንእስ ወይ ባህግና ክንድርት ይግብኣና ማለት ኣይኩነን። እንታይ ደኣ መበገሲናን መዕለቢናን ብግቡእ ነለሊ ማለት እዩ። ምኽንያቱ፣ ክቱር ህንጡይነት ኣብ ዘይዓለምካ ኣቐሚጡ ከህውትተካ ይኽእል እዩ። እቲ ሕማቕ ነገሩ ድማ ዘማዕብለካ ዘይምዃኑ እዩ። ምኽንያቱ፣ ምህውታትን ቅኑዕ ባህጊ ምህላውን ሓደ ኣይኩነን።

እዞም ኣብ 'ዓለምና' ንኽይንነብር ዝገብሩ ባእታታት ግና ኣየኖት እዮም? ብርግጽ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። እቶም ልዕሊ ኹሉ ዝሰርዑ ግና እተፈላለዩ ማዕከናት ዜናን ማእለያ ዘይብሎም ስነ-ጥበባዊ ፍርያትን እዮም። ገለ ካብዞም ማዕከናት ኮነ ኢሎም ዘታልሉና ክኾኑ እንከለዉ፣ ገሊኦም ግና ንእግሪ መገዶም ዝልክሙና እዮም።

ኢደ-እግሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣእምሮ'ውን ግዜኡ ሓልዩ እዩ ዝበስልን ዝምዕብልን። እዞም ማዕከናት እምበኣር ነዚ መስርሕ'ዚ እዮም ዘዛብዕዎ። ብንእሽቶኻ መጢጦም ከዕብዩኻ ይህቅኑ፣ ንዘይትውንኖ ነገር ብቐልጡፍ ክትጭብጦ ከም እትኽእል፣ ኣረ እናሓንሳእ'ውን ከም ዝጨበጥካዮም ገይሮም የርእዩኻ። በዚ ድማ ቅድም ካብ ኣከባቢኻ፣ ጸኒሖም ድማ ካብ ውሽጥኻ ካብታ ነብስኻ የርሕቑኻ።

እታ ዝዓበየት ጥንቃቐ እምበኣር ኣብዚኣ እያ እተድሊ፤ ገና ከም ዘለኻ ምፍላጥ፣ ንኹሉ ክትበጽሖ ግዜን ዓቕምን ከም ዘድልየካ ምግንዛብ። ከምዚ ምግባር የርግእ ጥራይ ኣይኩነን። ብቐንዱ፣ ርትዓዊ ኣተሓሳስባ ብምምዕባል፣ ነብስኻ ፈሊጥካ ዓቕምኻ ንኽተዕቢ፣ ኣበርክቶኻ ንኽተዕዝዝ፣ ብቐንዱ ድማ ካብ ምህውታት ወጺእካ ዓበይቲ ሓሳባት ንኽትሓስብ ዝሕግዝ እዩ።

ምኽንያቱ፣ ዓለም በቶም ዝብለጭልጩን ጢል-ጢል ዝብሉን ነገራት ዘይኮነት፣ በቶም ለውጢ ዘምጽኡ ኣዝዮም ጠቓምቲ ነገራት እያ እትልወጥ። ብመንጽር ናይዚ ድማ እቶም ነዛ ምድሪ ዝቕይሩ ዘለዉ፣ እቶም ደድሕሪ ዘብለጭልጭ ነገራት ዝኸዱ ዘይኮኑስ፣ እቶም ንዓለሞም ብግቡእ ኣንቢቦም ንሳቶም ኣበየናይ ከድምዑ ከም ዝኽእሉ ኣጽኒዖም፣ እታ ዓለም'ውን ኣበየናይ ሸነኻ ክትፍወስን ክትምዕብልን ከም ዝግብኣ ተገንዚቦም ዝጽዕሩ ዘለዉ እዮም። እምበር ሆሆ! እናበለ ዝመጽእን ሆሆ! እናበለ ዝኸይድን ደኣ ብዙሕ ቊም-ነገርዶ ይገብር ኮይኑ።

ስለዚ ዋላ'ኳ ከቢድ እንተኾነ፣ ብዝተኻእለና መጠን ንነብስና ካብ ዘይተጸንዐን ካብ ዘይተረጋገጸን ሓበሬታን ኣጕል ሕልምን ሓራ ንግበራ። ኣብዛ ብእልቢ ዘይብሎም ሓበሬታታት እትናወጽን እተናውጽን ዘላ ዓለም ብኣሉታ ከይተጸለኻ ምትራፍ ቀሊል ዘይምዃኑ ርዱእ እዩ። ግና ኸኣ ብዝተኻእለካ መጠን፣ ነቲ ሓቀኛን ብርግጽ ድማ ክጠቕመካ ምዃኑ ዘኣመንካሉን ነገራት እናሰዓብካ፣ ነቲ ንሓቀኛ ኩነታትካ ከየገናዘበ ብሃውሪ ዝመጽኣካን ስምዒትካ ሓዋዊሱ ድማ ናብ ዘይመደብካን ዘይትፈልጦ መጻእን ዘእትወካ መህውተቲ ሓበሬታታት ድማ ክትነቕሓሉ ይግባእ። ምኽንያቱ፣ ጽባሕ እታ'ኳ ባዕልኻ ሓላፍነት ውሳነኻ እትስከመላ ግዜ ምስ መጸት፣ እቲ ምኽንያታት ወይ እቲ ደፋኢ ረቋሒታት ዘይኮነ ዘገድሳ፣ እቲ ሽዑ እትህልዎ ሓቂ ወይ ኩነታት እዩ ዝዓጣ።

ስለዚ እዚ ናይ ሕጂ ንስኻ፣ ውጽኢት ሕሉፍ ተግባራትካ ምዃንካ እናዘከርካ፣ ጽባሕ ድማ ውጽኢት ናይዚ ሎሚ እትገብሮ ዘለኻ ንጥፈታትን ውሳነታትን ክትከውን ስለ ዝኾንካ፣ ረጊእካ ብዝተኻእለካ መጠን ድማ ካብ እተፈላለዩ ጽልዋታት ሓራ ኬንካ መደባትካ ስራዕ፣ ሕልምታትካ ርአ፣ ሙዚቃ ውሽጥኻ ስማዕ፣ ኮታ ንነብስኻን ንኹነታትካን ምሰል።

## ሃበኒ ህበይ ይገብር... ኣይፋል ንጽግዕተኛነት!

ኣብታ ብሮበርት ኣንቶኒ እተጻሕፈት "The ultimate secrete of total self-confidence" እትብል መጽሓፍ ተጠቒሱ ከም ዘሎ፣ ሓደ ካብቲ ሰባት ዓቕሞም ብግቡእ ንኸይምዝምዙን ነብሰ-ምትእምማን ከየሕድሩን ዝዓግቶም ነገራት 'ጽግዕተኛነት' እዩ። ኣብ ገዛእ ነብስኻ ንኸይትምርኮስ ካብ ዝዓግቱኻ ባእታታት ድማ እቲ ንነብስኻ ኣነኣኢስካ፣ 'ካልኦት ካባይ ይበልጹ፣ ካባይ ይበልሑ፣ ካባይ ይልብሙ..." ዝብል ኣዝዩ ግጉይ ርድኢት ኣብ ቅድሚት ይስራዕ። 'በዚ ድማ ሓጕስካን ብልጽግናኻን ኣብ ክንዲ ካብ ውሽጥኻ ካብኦም ትደልዮ።' ትብል እታ መጽሓፍ።

ጕረቤትካ፣ ዓርክኻ ዋላ'ውን ሓውኻ፣ ሽሕ ግዜ ካባኻ ይለብም፣ ሽሕ ግዜ ካባኻ ይፍለጥ፣ ኣብ ቤትካ መጺኡ ከመሓድረካ ትደሊ ዲኻ? ከማኽረካን ካብ ጽቡቕ ተመኩሮኡ ክትውከስን ግና ሰናይ ነገር'ዩ። ወዲ-ሰብ ድማ ብተፈጥሮኡ፣ ነብሱ እንተ ኽኢሉ ፍሉይ ዕግበት'ዩ ዝስምዖ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ድማ ካብቲ ምስ ተሓገዘ ወይ ምስ ተደገፈ ዝረኽቦ ባህታ፣ እቲ ብጽፍሩ ዘምጽኦ እዩ ዝያዳ ርውየት ዝፈጥረሉ።

ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምምርኳስ ግና ኪንዮ ዕግበት ዝኸይድ ቊም-ነገር እዩ ዘሎዎ። ንሱ ኸኣ ውሽጣዊ ዓቕምኻ ንኽትፍትሽን ንኸተበራብርን ዝሕግዝ ዓቢ ሓይሊ ስለ ዝኾነ እዩ። 'ሂወተይ ባዕለይ እየ ከመሓይሻ ዝግብኣኒ' ዝብል ልባዊ ውሳነ እንተ ኣሕሊፍካ፣ ንነብስኻ ብኹሉ መዳያ ንኽትፍትሻ እዩ ዝኽእለካ። ምኽንያቱ፣ ድሮ 'ንነብሰይ ልዕለይ ዝግደሰላ ሰብ የለን' ኢልካ ስለ ዘለኻ፣ ምሉእ ሓላፍነት ነብስኻ ክትስከም ትቕሰብ ኢኻ። እዚ ሓላፍነት'ዚ ቀሊል ስለ ዘይኮነ ድማ፣ ነብስኻ ብኹለንተናኣ ብቕዕትን ተወዳዳሪትን ክትከውን ከም ዘሎዋ ክትኣምን ኢኻ። ከምኡ ንኽትከውን ድማ፣ ኩለንተናዊ ለውጢ ክተምጽእ ክትግደድ እያ። ምኽንያቱ፣ ሽግር እንተ መጺ ክትብድሆ ዘሎዋ ንሳ እታ ነብስኻ እያ። ራህዋ ትምነ እንተ'ላ'ውን ካብኣን ናብኣን እዩ።

ኣብ መወዳእታ እምበኣር፣ እዚ ኹሉ ክንብሎ ዝጸናሕና ንኹሉ ሰብ ዘገድስ እኳ እንተኾነ፣ ንመንእሰይ ግና ሕልፊ ኹሉ የድልዮ። ካብኡ ናብኡ ኸኣ ንኸምዚ ኸማና ብዙሕ ዝጽበየና ዘሎ መንእሰያት!... ከቢድ ጾር ኣብ እንግድዓና ዘሎ መንእሰያት!

***

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# ኣገደስቲ ምኽርታት ኣብ ኣተሓሕዛ ከብቲ

መብዛሕትኦም እቶም ንሓረስቶት ሃገርና ኣብ መዳይ ሓፈሻዊ ኣተሓሕዛ ከብቲ ዘጋጥሞም ጸገማት ካብ ጉድለታት ኣተሓሕዛ ዝብገሱ እዮም። ክንዲ ዝኾኑ መብዛሕትኦም ድማ ቅድሚ ምግጣሞም ክንቈጻጸሮም ንኽእል ኢና። ንሓፈሻዊ ጠንቅታትን መፍትሒን ንገለ ጉድለታት ኣተሓሕዛ ከብቲ ዝምልከቱ ኣገደስቲ ምኽርታት፡ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ላዕለዋይ ክኢላ መርመራ ስጋን ጻባን ኣቶ ጺጋይ ገብረማርያም ተወኪስና ዝተዳለወ ጽሑፍ ቀሪቡ ኣሎ።

1. ግቡእን ብቑዕን ኣተሓሕዛ ከብቲ ብሓፈሻኡ እዞም ዝስዕቡ ዋንቃቐታት ምግባር ዝጠልብ እዩ፦

- እኹልን ብቑዕን መግብን ማይን ምቕራብ

- ግቡእ ሕርሻዊ መዝገብ ምውዳድ። እዚ ድማ ብዛዕባ ታሪኽ ሕክምናን ክታበትን፡ ነፍሲ.ወከፍ ላም እተሰረረትሉን ዝወለደትሉን ዕለት፡ መጠን ካብ ነፍሲ.ወከፍ ላም እተሓልበ ጸባ፡ ኣሓ ስራሓት ዘለዕሉ ዕለታት ወዘተ ንምስናድ ይሕግዘና

- ካብ ምሩጻት ዓሌታት፡ ምሩጻት ኣርሓታት እናረኣኻ ምርባሕን ምድቓልን

- ሕማማት ኣብ ዝረኣየሉም እዋናት፡ ምእንቲ ከይላብዑ ንዝሓመማ ካብ'ተን ጥዑያት ብግቡእ ፈሊኻ ኣድላዩ ዘበለ ክንክን ምግባር

- መግቢ ኣብዚሐን ምእንቲ ከይሞታ መጠንካ ምሃብ፡ ከምኡ'ውን መንፋሕቲ ንምውጋድ ጽሒፈ ዘለዎም ዓይነታት መግቢ ምሕዋስ። ኣብ ቀለብ ትሕዝቶ ጽሕጊ ምሕዋስ፡ ምስ'ቲ ተበላዓይን መኣዛውን መግቢ ተደሚሩ ከብቲ ቀልጢፍ ዕብየትን ክብደትን ንኽርእያ ዝሕግዝ እዩ

2. ዘመጉስዓ ጥሪት ብሓፈሻኡ ድሉው ቫይታሚንን ማዕድንን ብሰሩዕ ክወሃበን ኣድላዩ ኣይኮነን። ከብቲ ብዓይነቱ እኹል ዝኾነ ቀለብ ምስዝረኽባ፡ ኣብ ከስዐእን እተመጣጠነ መግቢ ክሰርሓ ይኽእላ እየን

3. መግቢ ምብዛሕ፡ እቲ ብተደጋጋሚ ኣብ ሃገርና ዘረአ ዘይምኽኑይ ጠንቂ ሞት ከብቲ እዩ። እቲ ምኽንያት ከኣ ሓረስቶት ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ እኹል ኣፍልጦ ስለዘይጸንሖም እዩ። እቲ ከብቲ ብሰንኪ ብዝሒ መግቢ ዝሞታሉ ምኽንያት፡ ከስዐእን ምስተነፍሐ ኣብ ልዕሊ ልብን ሳናቡእን ከቢድ ጸቕጢ ስለዝፈጥር እሞ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ህርመት ልብን ትንፋስን ሕጽረት ስለዘጋጥም እዩ።

### መንፋሕቲ ከስዐ ኣብ ከብቲ - ጠንቅታትን መፍትሒን

ልዕሊ ግቡእ ዓቐን ዝኸደ መግቢ ምሃብ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ኩይኑ፡ ምስ ዓይነት መግቢ ዝተኣሳሰሩ ካልኦት ጠንቅታት እውን ኣለዉ፦ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ዘይተለምዱ ዓይነት መግቢ ኣብዚሕካ ምሃብ (ስርናይ፡ ባኒ፡ ፋፋ...)፣ ጠሊ ዘለዎም (ተሰጢሒም ዘይሓደሩ ማለት ዘይሃፈፉ) ኣቑጽልትን ሳዕርን ምሃብ፣ ከም ክሳድ ዘየውጽእ መሸላን ዕፉንን ዝኣመሰሉ ዓፈል (ሳያናይድ/ Cyanide) ዘለዎም መግብታት ምሃብ፣ ዓፋሪ/Saponing ባእታ ዘለዎ መግቢ ምሃብ (መሲ)።

መንፋሕቲ ከስዐ ከብቲ ምስዘጋጥም ክኢላታት ሕክምና እንስሳ ከምጽእዎም ዝኽእሉ ፍታሓት እኳ እንተ'ለዉ፡ እዚ ተርእዮ እዚ ዝበዝሐ እዋን ዘየላቡ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ጸቡቕ ነገሩ ግን ሓረስቶት ብቐሊል መገዲ ዝተነፍሐ ከብቲ ክፍውሱሉም ዝኽእሉ



ኣገባባት ምህላዎም እዩ። በዚ መሰረት፡ ዘይቲ ፓራፊን ምስ ዘይቲ ብልዒ ብማዕረ መጠን ሓዋዊስና፡ ሓንቲ መንፋሕቲ ከስዐ ዘጋጠማ ከብቲ፡ ኣብ ሓደ እዋን፡ ካብ ሓደ ክሳብ ሓደን ፈረቓን ሊትሮ ናይ'ዚ ሕውስዋስ ከምእትሰቲ ክንገብር ንኽእል ኢና። ዘይቲ ፓራፊን ምስዘይህልወና፡ ሓደ-ሲሶ (1/3) ዘይቲ ብልዒ ምስ ክልተ-ሲሶ (2/3) ጸባ ሓዋዊስና፡ ኣብ ሓደ እዋን፡ ካብ ሓደ ክሳብ ሓደን ፈረቓን ሊትሮ ናይ'ዚ ሕውስዋስ ክስትየ ንኽእል ኢና።

ምስ'ዚ ብዝተኣሳሰረ፡ ሓረስቶት ኩሉ ሳዕ ዘይቲ ፓራፊን ገዚኦም ኣብ ቀረባ ክሕዙ ጽቡቕ'ዩ። ማዕድናዊ እምኒ (Mineral Leak) እውን ንሓፈሻዊ ጥዕና ከብትን ንፍርያምነተንን ሓጋዚ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ዝዛነያሉ ቦታ ኣንጠልጢልና ክንቅርበለን ጽቡቕ እዩ። ከብቲ ነዚ እምኒ እዚ ኣብ ዘድልየን እዋን ዋራይ እየን ዝልሕሳእ። ብፍላይ ንዝዳግማ ከብቲ ጠቓሚ እዩ።

### ከብቲ መግቢ ዝኣብያሉም ተርእዮታት - ጠንቃታትን መፍትሒን

ከብቲ መግቢ ዝኣብያሉ ተርእዮ፡ ዝበዝሐ እዋን ምስ ልዑል ኣካላዊ ረስኒ እዩ ዝተኣሳሰር። ነዊሕ ጉዕዞ ዝጠንቁ ሃለኽለኽ እውን ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል። ኣብ ርእሲ መግቢ ምእባይ፡ ከብቲ ጸጕረን ክኽይፋ፡ ኣእዛነን ከውድቓ፡ ትንፋስ ናይ ምህዋጽ ኮነታት ክረኣየን፡ ካብ መጎስ ግልል ክብላ፡ ብዓቢኡ ድማ ምጕስዕ ምምላስ ክቋርጻ ይኽእላ፡ እዚኣቶም እቶም ቀንዲ ምልክታት ናይ'ዚ ሳዕቤን እዚ እዮም።

ኮነታት ምንቅስቓስ ከስዐ ከብቲ እንፍትሸሉ ኣገባብ፦ ከብቲ ከስዐኦም ተጠልቂዑ (ጥርሑ) እንክሎ ኣይብልዑን እንተዝኣሎም፡ ከስዐኦም ይንቀሳቐስ ምህላዉን ዘይምህላዉን እንምርምረሉ ቀሊል ኣገባብ ኣሎ። ኣብ ጸጋመይ ጐድኒ ከብዲ ናይ ከብቲ ብዕምኮ ኢድና ብምጥዋቕ ድፍኢት ንጽበ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ደቓይቕ ክልተ ሳዕ ምስዝደፍኣና፡ እዚ ንቡር ምንቅስቓስ ከስዐ ከብቲ ከምዘሎ ዘረጋግጽ መልሰ-ግብሪ እዩ። እቲ እንረኽቦ ድፍኢት ካብኡ ንታሕቲ ምስዝኸውን ግን፡ ንቡር ምንቅስቓስ ከስዐ ከብቲ የልቦን ማለት እዩ። ንግዚኡ ጽማቕ ፈርሲ




ኣቶ ጺጋይ ገብረማርያም

ናይ ካልእ (ጥዑይ) ከብቲ ኣስቲና ከስዐ ከብቲ ናብ ንቡር ንጥፈቱ ከምዝምለስ ክንገብር ንኽእል ኢና። ካብ ጥዑይ ከብቲ ዝርከብ ጽማቕ ፈርሲ፡ ንምንቅስቓስ ከስዐ ከብቲ ዘገድሱ ማይክሮኣርጋኒዝማት ካልኦትን ትሕዝቶታት ዝሓዘ ኩይኑ፡ ካብ ኣብያተ-ሕርዲ ብቐረባ ምርካብ ይከኣል።

### መግባዊ ትሕዝቶ ዝዓቀበ ኣገባብ ኣተኣኻኽባ ጥሉል ሳዕሪ

ሳዕሪ ዓንቢቡ ፍረ ከየውጽአ እንከሎ እዩ ዝያዳ መግባዊ ትሕዝቶ ዘለዎ። ምስ ነቒጸ እንተተዓጺዱ ድማ መግባዊ ትሕዝቶኡ ኣዝዩ ዝተሓተ እዩ ዝኸውን። ስለዚ ፍረ ከየውጽአ እንከሎ ዓጺድና ክሳብ ዝሃፍፍ ክንሰጥሖን ሕብሩ ገና ሓምላይ እንከሎ ክንዕቅቦን ይግባእ። ብጥሉሉ እንከሎ ንኽብቲ ክንህቦ እንተኼንና'ውን ከህፍፍ (25% ካብ ማያዊ ትሕዝቶኡ ከምዝጐድል ክንገብር) ኣገዳሲ እዩ።

***





ጓቓዕም በሉ!

### ምድላው ክቢ-ስጋ (Meatball) ብጉዕ ባናና

#### ዘድልዩ ጥረ-ነገራት

- 1 ኪሎ-ግራም ብማይ እተጠጠቐ ጉዕ (ቀጣልያ) ባናና
- 75 ግራም ጥሑን ስጋ
- ጽማቕ ለሚን ከም ኣድላይነቱ
- 2 ማንካ-ጣውላ ብደቓቕ እተመትረ ጻዕዳ ሸጉርቲ
- 2 ማንካ-ጣውላ ብደቓቕ እተመትረ ፕርሰሜሎ
- 1 ማንካ-ሻሂ ጥሑን በርበረ ጸሊም
- ጨው (ከም ኣድላይነቱ)






#### ኣገባብ ኣሰራርሓ

ነቲ ብማይ ውዑይ ዝጠጠቕናዮ ጉዕ ባናና ቀሪፍና ንሕምትሎ። ነቲ ጥሑን ስጋ ኣብ ጽማቕ ለሚን ንኣልኮ። ቀጺልና፡ ነቲ ጻዕዳ ሸጉርቲ፡ ፕርሰሜሎ፡ በርበረ ጸሊምን ጨውን ምስ'ቲ እተሓምተለ ባናና ንሐውሶ። ኣብ መወዳእታ፡ ብኢድና እናኣኽበብና ኣብ ፊቲ ሓጺን ወይ ኣብ ባዴላ ንጠብሶ። ዝሕል ምስ በለ ንእንግዶት ድሉው ይኸውን።

ምንጪ፡ ጽሑፍ፦ መወከሲ ጽሑፍ ወሰኽ ክብሪ ባናና

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ጽውጽዋይ

## ብጻዕርኻ ምንባር...

**መበል 21 ክፋል**

ድሕሪ ናይ ዓሰርተ ደቓይቕ ትጽቢት ሓንቲ መኪና ብሸንኽ ጺጋሙ ክትመጽእ ተዓዘበ። ብሓገሶ ናብ ወሰን'ቲ ጽርግያ ኣልገሰ።

እታ መኪና ብህድኣት ኣብ ጥቓኡ በጽሐት።

ህበይ ዳው፡ ድምጺ ብምግባር እናጉየየ ጉድኒ-ጉድና እታ መኪና ክጉዪ ጀመረ።

መራሒ መኪና፡ ንህበይ ዳዉ ከይተገደሰሉ ጉዕዞኡ ተዓዘረ።

ህበይ ዳው፡ ብሕርቃን ደው ኢሉ ኣንጸርጸረ። ገና ካብ ሕርቃኑ ከይዝሓለ ብሸንኽ የማኑ ሓንቲ ሚኒባስ ናብኡ ገጻ ክትመጽእ ረኣየ። ቀልጢፉ ጽርግያ ሰጊሩ ክሳብ ኣብ ጥቓኡ እትበጽሕ ተጸበየ።

ሰላሳ ሰብ ሒዛ ዝነበረት ሚኒባስ ብጉድኑ ሓለፈት። ህበይ ዳዉ ደድሕሪኣ ሰዓበ። ሚኒባስ ገዲፋቶ ተሓንበበት።

ህበይ ዳው፡ ተሰኪ ቁሪጹ ደው በለ። ካብ መሬት እምኒ ኣልዒሉ ናብ ጽርግያ ገጹ ደርበዮ። ካብዚም ኣብዛ ሚኒባስ ዝነበሩ ብዙሓት ሰባት ሓደ ሰብ መግቢ ዘይምሃቡ ከሕስቦ ጀመረ።

"እዋእ እዞም ሰባት እንታይ ኮይኖም ኣለዉ? ኩሎም ምግዳስ ኣብዮምኒ? ገለ ዘይፈለጥኩዎ ነገር ከይሃለወ ኣይተርፍን እዩ?" ኣብ ማእከል ጽርግያ ተጉቲኑ ንበይኑ ክዛረብ ጀመረ።

ሓንቲ እንሽቶ መኪና ናብኡ ገጻ ክትመጽእ ርእዩ ዘረባ ኣቋረጸ። እታ መኪና ኣብ ጥቓኡ ክሳብ እትበጽሕ ኣብ ወሰን ጽርግያ ኩይኑ ተጸበየ።




እታ ንእሽቶ መኪና'ውን ገዲፋቶ ተመርቀፈት።

ህበይ ዳው፡ ብዝሰኾ ምቕሩራጽን ብሕርቃንን ነታ መኪና ካብ ቅድሚ ዓይኑ ክሳብ እትኸወል ተዓዘቦ።

"እዞም ሰባት እንታይ ኮይኖም ኣለዉ!?" ኑቲ ዓቢ ጽርግያ ኣተኩሩ እናጠመተ ሓተተ። ዝምልሰሉ ግን ኣይረኸበን።

ሕጂ'ውን ገና ሓሳቡ ከይዛዘመ ሓንቲ ኣውቶቡስ ኣብ ጥቓኡ በጽሐት።

ህበይ ዳው፡ "እዛ ኣውቶቡስ ብዙሓት ሰባት ስለዘለውዋ ሓደ ሰብ መግቢ ዘሰንደወለይ ኣይሰኣንን እዩ ዝኸውን።" ነታ ኣውቶቡስ ብሓገስ ተመሊኡ ጠመታ። ካብታ ኣውቶቡስ መግቢ ኣይረኸበን። ገዲፋቶ ጉዕዞኣ ቀጸለት።

ህበይ ዳዉ ከይተፈለጦ ደድሕሪኣ ጉየየ።

ኣብታ ኣውቶቡስ ዝነበሩ ተሳፈርቲ ኢዶም እናመልከቱ ብዘዕባኡ ክዛረቡ ጀመሩ። እንተኾነ መግቢ ዝሃበ ሓደ'ኳ ኣይነበረን።

ህበይ ዳው፡ ክሳብ ዝደክም ደድሕሪኣ ጉየየ። ነዊሕ ምስ ተጓዕዘ ተሰኪ ቁሪጹ ደው በለ። ኣዒንቱ ብሕርቃን በርበረ መሰለ።

"ካብዚ ንላዕሊ ተሰኪ ዘቕርጽ የለን። ካብዚም ብዙሓት ሰባት ሓደ ለዋህ መግቢ ምድርባይ ደሰኣን። ወይ ኣነ ዓሻ! ዘይፈለጥኩ ኮይነ እምበር ገለ ነገር ኣሎ። ጽርግያ መስተርሀት ብቐደሙ ናይ ሰብ እምበር መዓስ ናይ ኣህባይ ኴንኪ። ወይ ኣነ ምዕንጃለ። ድሕሪ ደጊም ክንደየናይ ከይመጸኪ" እናላህልሀ ኣብ ማእከል ጽርግያ ኣዕዘዩ። ብሕርቃን ኣብ ማእከል ጽርግያ ተንከባለለ።

ህበይ ዳው፡ ተሰኪ ብዘቖረጸ መንፈስ ቀስ እናበለ ወሰን ወሰን ጽርግያ ክኸይድ ጀመረ። ሓንቲ መኪና ርእዩ ከይተገደሰላ ሓለፈት። ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ እንከሎ፡

"ሰላም ንእሽቶ ዳው" ዝብል ድምጺ ሰማዐ ንድሕሪኡ ግልጽ በለ። ዘይተጸበዮ ኣብ ቅድሚኡ ሓለቓ ታቶ ቁይሙ ርአየ። ብሰንባደ ቀዚዙ ቆመ።

"እንታይ ድኣ ዘሰንበደካ ትመስል!?" ሓለቓ ታቶ ክምስታ ኣሰንዩ ተዛረበ። ንህበይ ዳዉ ከደህሉ ኣይደለየን።

"ኣይ..ሰ..ን... በደኩን። ሰቕ ኢለ...እየ። ማለት .... ኣይተጸበኹኻን። ከምዚ ክስታይ .... ማለተይሲ" ህበይ ዳዉ ከህተፍትፍ ጀመረ።

"ደሓን እዚ ወደይ ብዙሕ ኣይተህተፍትፍ። መግቢኸ ትረክብ ኣለኻዶ?" ሓለቓ ታቶ ንህበይ ዳዉ ካብ ጽፍሪ እግሩ ክሳብ ጸጉሪ ርእሱ እናፈተሸ ተዛረቦ።

"ኖ ማለት.... መግቢ.... ገለ ኣይረኸብኩን። ክስታይ መግቢ.... ምሃብ ገዲፎሞ መሰለኒ.... ብዙሕኳ ኣይተገደሱኩን" ሕጂ'ውን ህበይ ዳዉ ብፍርሒ ንምርድኡ ዘሸግር ዘረባ ተዛረበ።

"ብዙሕ ግዜ ትመላለስ ነይርካ ዲኻ?" ሓለቓ ታቶ ሕቶኡ ቀጸለ።

"እወ ኖኖ ብዙሕ ኣይኮነን። ሓደ ሰለስተ ኣርባዕተ ገለ ሓሙሽተ ግዜ መጺአ ኣለኹ። ጌጋ'ዩ መሰለኒ። ኣነ ድማ ተጋግየ" ህበይ ዳዉ ሕጂ'ውን ወልደፍደፍ እናበለ ተዛረበ።

"ስለምንታይከ መጺኻ?"

"ከምዚ ከይፈለጥኩ ዓይነት ሎሚ'ኳ ናይ መውዓእታ ሓሰብ ነይረ። መግቢ ገለ ደልየ መጺአ ግን ከኣ ኣብ ዓድና መግቢ ኣሎ። ተጋግየ እየ" ብፍርሒ ተለኸተ።

"ኣብዚ ክልተ መዓልቲ ካብ ሰባት መግቢ ረኺብካዶ?" ሓለቓ ታቶ ፍርሒ ናይ ዳዉ እናኣገረሞ ሓተተ።

"ኣብዚ ክልተ መዓልቲ መግቢ ኣይረኸብኩን። መግቢ ገለ ምድርባይ ሓዲጎሞ እየም መሰለኒ፡ ኣነ ከማን ሰቕ ኢለ ክገድፎ እናበልኩ ረኺብኩ፡ " ህበይ ዳዉ ዝዛረቦ ሓርቢትዎ። ስርዓቱ ዘይሓለወ ምሉእ ሓሳብ ኣውሓዘ።

"ስለምንታይ ገዲፎሞ ገለ ኣይፈለጥካን?" ሓለቓ ታቶ ክምስታ ኣሰንዩ ሓተተ። ሕጂ'ውን ህበይ ዳዉ ክደሃል ኣይደለየን።

ይቕጽል

## ናይ ሓባር ስራሕ ንናይ ሓባር ዓወት...

ቀዳም 06 ሓምለ 2024 ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ መደብ ኣብ ኣዳራሽ ሰማፕ ተኻዪዱ ነይሩ። እቲ መደብ ብኣደን ወድን ዝተጻሕፉ ናይ እንግሊዝ መጽሓፍቲ ብዓሰርተ ሓሙሽተ ተመሃሮ ብጉጅለ ናብ ትግርኛ ተተርጒመን ናይ ምልላይ መደብ ተኻዪዱ።

መደብ ከምቲ ልሙድ ብዝኸረ ሰማእታት ተጀሚሩ። ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት ኣደን ወድን ናብ መድረኽ ደዪቦም። ዝን ሽዱሽተ መጽሓፍቲ ብኸመይ ከምዝተጻሕፉን ዝተሓልፈ መሰናኽልን ንተዓዘብቲ ኣብሪሆም።

ብፍላይ ጆና ሰዩም ቡቲ ጺያፍ ትግርኛኡ ንተዓዘብቲ ዝመሰጠ መደረ ኣቕሪቡ።

ኣብቲ ዝተኻየደ መደብ፡ ተመሃሮ ተርጎምቲ ነተን መጽሓፍቲ ብቛንቋ እንግሊዝን ትግርኛን ብምልላይ ጦብላሕታኦምን ኣብ መስርሕ ምትርጓም ዝተሓልፈ መስርሕን ኣብሪሆም። ተመሃሮ ኣብ ክልቲኡ ቛንቋ ዝነበሮም ምልከት ንተዓዘብቲ መሲጡ።

ምትርጓም እዘን መጽሓፍቲ ኣብ መንነ ተመሃሮ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዘሰረጸ ኣብ ርእሲ ምንባሩ ተመሃሮ ነንሕድሕዶም ዝተኣራረምሉን ተመኩሮ ዝተለዋወጥሉን ስራሕ ምንባሩ ተገሊጹ።

ኣብ መውዓእታ፡ ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር የሴፍ ጉብረየውሃንስ ብዛዕባ እተን መጽሓፍትን ተመሃሮ ዝነበሮም ናይ ምትርጓም ብቕዓትን ንኢዱ። ተመሃሮ ነዚ ጀሚሮሞ ዘለዉ ኣበርታዊ ስራሕ እንተቐጺሎሞ ኣብ መጻኢ ንፉዓት ጸሓፍቲ ከምዝኾኑ ገሊጹ።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ንሎሚ ምስ ደራሲ ሽዱሽተ መጽሓፍቲ ዝኾነ ጆና ሰዩም ዝነበርናዮ ዕላል ነቕርበልኩም። 2ይ ክፋል ዝመጽእ ቀዳም።

* * * *

**መጀመርታ እንቋዕ ሓጎሰካ!**

የቐንየለይ!! ሓጎስ ኩልና።

**ምስ ጉዱእ ርእሰኻ ከተላልየና?**

ስመይ ጆና ሰዩም እበሃል፡ ኣብ ኣትላንታ ጆርጅያ ኣመሪካ ብዕለት 3 ሚያዝያ 2013 ተወሊደ። ተመሃራይ 6ይ ክፍሊ እየ። ሕጂ ድማ ኣብ ካሊፎርንያ ኣመሪካ እነብር።

**ሕራይ ጆና ሎሚ መደብ ነይሩኩም፣ ናይ ምንታይ መደብ እዩ?**

ኣነን ማማን ዝጸሓፍናዮን መጽሓፍቲ ካብተን ሽዱሽተ እተን ኣርባዕተ ናብ ትግርኛ ተተርጒመን ኣለዋ። ሎሚ ድማ መመረቕታ ናይዘን መጽሓፍቲ እዩ ነይሩ።

**እዘን ሽዱሽተ መጽሓፍቲ ምስ ኣዴኻ ዲኻ ጽሒፍኩመን?**

ኣይኮነን። እተን ሰለስተ ናተይ እየን - ባዕለይ ጽሒፈየን። ካብኦ ሰለውትዶ ከዕሶ እግሪ ኣቦይ እንታይ ክስርሕ ይውዕልን The torture of chores (ዘይተተርጒመት)'ን ዝብል ኣርእስቲ ኣለወን። እዘን መጽሓፍቲ ኣብ ታይላንድ፡ ኩብን ኤርትራን ዝተዓዘብኩዎ ዝጸሓፍኩወን እየን። ክሳብ ሕጂ ናብ 17 ሃገራት በጺሕና ኣለና። እተን ዝተረፋ ሰለስተ መጻሕፍቲ ኣነን ማማን ብሓደ ኴንና ኢና ጽሒፍናየን።

**ምጽሓፍ ከቢድ ደዩ ወይስ ቀሊል?**

ኣብቲ መጀመርታ ይኸብደኒ ነይሩ። ድሓር ማማ ከመይ ከምዝጽሓፍ ኣርኢያትኒ። ብድሕሪኡ ከመይ ከምዝጽሓፍ ፈሊጠ። ምጽሓፍ ምስ ተለማመድካዮ ቀሊል እዩ። ስለዚ ተመሃሮ ደጋጊሞም እንተጽሒፎም ከምዚ ናተይ ጸሓፍቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

**እዘን ዝጸሓፍካየን መጽሓፍቲ ብዛዕባ እንታይ እየን?**

ኣነ ምስ ማማ ናብ ብዙሕ ቦታታት እኸይድ እየ። ናብቲ ዝኑበረሉ ዓዲ ምስ ተመለስኩ ድማ ኩሎም ኣዕሩኸተይ ደቂ ትምህርተይ 'እንታይ ከምዝረኣኹ'፡ 'እንታይ ከምዝበርኩ'፡ 'እንታይ ከምዝበላዕኩ' ይሓቱኒ ነይሮም። ድሓር ኑቲ ዝረኣኹዎ ክጽሕፎ ጀሚረ። በዚ ጀሚረ ድማ ናይ ዝበጻሕኩወን ሃገራት ክጽሕፍ ጀሚረ። ኩሉ ሰብ ድማ ፈቲዩወን። ዓሚ ኣብዚ ምስ መጻእና ነተን መጽሓፍቲ ኣላሊናየን። ብድሕሪኡ ክትርጎማ ከምዝለወን ገይርና። ሎሚ ድማ እተን ኣርባዕተ መጽሓፍቲ ተተርጒመን ኣለዋ።

**ኣብ ኮምፕዩተር መን ይጽሕፈልካ?**

ኣነ ባዕለይ እየ ኣብ ኮምፕዩተር ዝጽሕፎ። ድሓር ማማ ትእርመለይ። ኣብ መውዓእታ ሰኣሊ ይገብረለን። ምስ ተሓትመ ድማ ናብ ኩሉ ዓለም ይሸየጥ።

**ተመሃሮ መሁሮኻ ዝን መጽሓፍትኻ ምስ ረአዩ እንታይ ይብሉኻ?**

ኩሎም፡ 'ንሩዕ ከምዚ ናትካ ክንጽሕፍ ኢና' ይብሉኒ። ሞራል ድማ ይህቡኒ።

**ንሽኻኽ ኑየም ክጽሕፉ ዝደልዩ ትሕግዞምዶ?**

እወ ሓደ ሓደ ዝጸሓፍዎ ርእየ እሕግዞም እየ።

**ትግርኛ ጸቡቕ ኢኻ ትዛረብ ብኸመይ ለሚድካዮ?**

ማማን ኣቦሓጎይን ትግርኛ ይምህሩኒ እዮም። ኣብ ገዛ ብትግርኛ ኢና ንዛረብ። ኣብዚ ምስ መጻእኩ ድማ ብዙሓት ሰባት ረኺበ ብትግርኛ እዛረቦም።

**ትግርኛ ተንብብዶ?**

ኖኖ ኣንበብ ኣይክእልን እየ። ኣነ ክዛረብ ጥራይ እየ ዝኽእል። ከንብብን ክጽሕፍን ድማ ክመሃር እየ።

**ንኤርትራውያን ተመሃሮ እንታይ ትብሎም?**

ከምዚ ናተይ መጽሓፍ ክጽሕፉ እንተደልዮም ናብ ዓዲ ክኸዱ ከለዉ፡ ክዛወሩ ከለዉ፡ ዝረኣዩዎ ክጽሕፉዎ ኣለዎም። መዘክብ ዝኽሪ (ዳየሪ) ክሕዙ እመኽሮም። ካልእ ከንብቡ ኣለዎም። እንተኣንቢቦም ብዙሕ ኢኻ እትፈልጥ።

**ብሕጂኸ ክትጽሕፍ ዲኻ? ብዛዕባ ምንታይ?**

እወ ክጽሕፍ እየ። ክሳብ ሕጂ ግን ብዛዕባ እንታይ ከምዝጽሕፍ ኣይፈለጥኩን ዘለኹ። ገለ ሓሳብ ኣብ ሓንጎለይ ምስ መጺኡኒ ክጽሕፍ እየ። ምስ ዓበኹ ንሩዕ ጸሓፋይ ክኸውን እየ።

**የቐንየልና ሓሳብ ልብኻ የስምረልካ።**

የገልግለኩም። ኣነ ድማ የቐንየለይ። ንዓመታ ምስ መጻእና ብሰላም የራኽበና!! ኤርትራ ሃገረይ ብልበይ እያ ዝፈትዋ!!



# ሳዋ ሎሚ -ድሕሪ 30 ዓመት













ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ. ታእዛዝ ኣብርሃ
ትብለጽ ኣምለኽ
ኣቤል በረኸት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣስላ ዐመር ኢብራሂም፡ ስም ኣደይ ሰዒዳ መሳ ኣብራሂም ምግል ተሪፉ፡ ስዕዲ መሳ ኣብርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዓሊሸክ መሓመድ ምግል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዓሊሸክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓመድ መሓመድኣደም መሓመድ ምግል ተሪፉ፡ መሓመድ መሓመድ ኣደም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወረስቲ ኑሩ/ሄር ተስፋማርያም ቀላቲን ወረ/ነ/ሄር ለምለም ጳውሎስን ወከል ሮቤል ዞርያስ ፍስሓጼን ተጸዋዕቲ 1. ኣስቴር ርእሶም ተስፋማርያም 2.ዊንታ ርእሶም ተስፋማርያም 3. ኣብርሀት ተስፋማርያም ቀላቲ 4.ቀላቲ ተስፋምርያም ቀላቲ፡ ንምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።


## ማእከል ስልጠና ኣይሮ

ከም ኣካል'ቲ ንነዊሕ እዋን ክህቦ ዝጸንሐ ኣገልግሎታት ስልጠና፡ ብሓድሽ ኣወዳድባን ኣገባባትን፡ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ዓውዲ ምሕደራ ስልጠናታት ክህብ ከም ዝጀመረ ይሕብር።

*** Management in
- Basic Principles of Managements
- Customer service and Hospitality
- Events ,Planning and Project
- Production and Art
- Business English and Communication

*** Accounting/Peachtree
*** Engineering Graphics
*** Advanced Video, Editing and Photography

Primary Business Address
Semaetat Avenue
# 171- 63/03
Near Cinema Roma

ኣይሮ :
ማእከል ንተወዳዳሪ ስልጠናን ብቕዓትን

Mobile. №
07325995/07330005

AYRO TRAINING CENTER


## ምልክታ ጨረታ

ቤ/ት/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ኣብ ኣሃዱ ባህሊ ስፖርትን ጥዕናን ዝፍቀድ ንጥፈታት ዘገልግሉ ጀነረይተር፡ ቪደዮ ካሜራ፡ ኤልሲዲ ኤፕሶንን ኤችፒ ላፕ ቶፕን ኣጫርዩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፡ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

| ተ.ቁ | ዓይነት ንብረት /DESCRIPTION/ | | መዓቀኒ | ብዝሒ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ጀነረይተር (ዓይነትን ካፓሲትን ምጥቃስ የድሊ. | | ፍቕዲ | 01 |
| 2. | VIDEO CAMERA | SONY MARK<br>LENS SIGMA<br>STAND TRYPad | ፍቕዲ | 01 |
| 3. | L.C.D EPSON | | ፍቕዲ | 01 |
| 4. | HP Lap Top (model 15) | processor=12th Gen core if abce 205 GHZ Speed<br>memery=16 GB<br>Storage= 1 TBSSD<br>Display= 15.6 inch LED FHD | ፍቕዲ | 02 |

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1 ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን 2022 ክሊራንስን ናይ ታሲራ ፎቶ ኮፒን የቕርቡ።
2 መኽበሪ ጨረታ (Bid security) ብ C.p.o ናቕፋ-10,000.00 (ዓሰርተሽሕ ናቕፋ) ክኸውን ኣለዎ።
3 ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ፡ ሓበሬታ ምስዝደልዩ፡ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ዞባ ማእከል ቁ.8 ቴሌ 180386 ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
4. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ ሓምሳ ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
5.ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ንሓሙሽተ መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሳንዱቕ ጨረታ ሰዓት 9:00 ቅ/ቀ ይኽፈት።
6. ጨረታ፤ ተጫረቲ ሕጋውያን ወከልትን ስሉሮዖት ወይ ኣብፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ውልቀ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ብግልጺ ይኽፈት።
7 ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
8 ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ዞባ/ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉኡ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ዞባ/ማእከል

Ministry of Education zoba Maekerl p.Box; 82 Tele No 180386/180374/180389

厄特四川矿产建设有限公司
ERITREA-SICHUAN MINERAL CONSTRUCTION CORP. LTD.

## Invitation for Bid

Eritrean Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting legitimated suppler who can provide foodstuff and beverage. The purpose of this solicitation is to award a contract to make available grocery and other incidental products related to meals served at EMSC sites. The company, who shall be also recognized as the ordering agency.

**Description**

1. ESMC will offer one-year contract effective July 15th, 2024 – July 14th, 2025.
2. Vender must ensure and deliver the required foodstuff and beverages as per timeframe set up by end user (The Company).
3. Bid is closed to all legal vendors/ suppliers.
4. Vendors must provide original documents, a copy of 2019 renewed license and a clearance of Inland Revenue for the year 2024.
5. Vendors are welcome to visit our ESMC Office to get detailed bid documents and other information during working hours.
6. Bid will be remain open from the date announced on local newspaper for five (05) days. Bid documents should be delivered with legal person signature & seal of firm to ESMC Office.
7. Bid value ERN 20,000.00 on CPO base should be provided to EMSC Office.
8. Bid will be accomplished by the directives of Eritrea Sichuan Mineral Construction procedures.
9. EMSC has the right to accept or reject the bid entirely or partially.

**Address:** Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)

Abo street house # 14 Gejeret, Asmara
Telephone; 113439

Tel: 291-1-113439 St. Abo, zip178 No.14 Nishtey Gejeret
P.O. Box 4832 ASMARA – ERITREA

## ኣገዳሲ ምልክታ

ሃገራዊ ፈስቲቫል 2024 ከምኡ'ውን ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ ካብ 10-18 ነሓሰ ኣብ ኣስመራ ቀጽሪ ኤክስፖ ክካየድ ምዃኑ ንግዱሳት ንዕድም።
*ኣገልግሎት መግብን መስተን፡
*መሸጣ ፍርያት ውሽጢ ሃገርን ወጻእን (ባዛር)
ብዝይካ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክትሳተፉ እትደልዩ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 1 ነሓሰ 2024 ኣብ ጎደና ሰማእታት ቁጽሪ 31 (ከባቢ ሲቲ ፓርክ) ዝርከብ ቤ/ጽ ሃ/ኣ/ሸማግለ በዓላት መጺእኩም ክትምዝገቡ (ቅጥዒ ክትመልኡ) ንሕብር።

ቤ/ጽሕፈት ሃ/ኣ/ሽ/በዓላት

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቢንያም፡ ራብዓይ ኣትዩ

**ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ ንፈለማ ግዜ ናብ ኣፍሪቃ ምእታዋ ኣረጋጊጹ**



ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ማብል 13 መድረኽ ዙር ፈረንሳ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ።

163.5 ኪሎሜተር እትሸፍን እዛ መድረኽ፡ ኑቶም ዝቐልጠፉ ተቐዳደምቲ ኣብ ስራሕ እትጽምድ እያ ነይራ። ብፍላይ፡ ቢንያም ፍልልይ ንምዕቃብ፡ ድሕሪኡ ዘሎ ያስፐር ፍሊፕሰን ከኣ ፍልልይ ንምጽባብ ዝዙብርዎ ውድድር ብኣጋኡ ኣቓልቦ ስሒቡ ነይሩ። እዞም ክልተ ተቐዳደምቲ፡ ኣብታ ኣብ ማእከል ጸወታ ዝበረት ቅጽበታዊ ውድድር፡ ዝኾነ ነጥቢ ኣይተሰብኑ። ነታ መዛዘሚት እያም ዘቋምቱ ነይሮም።

ኣብ መዛዘሚ ኣብ ዝተገብረ ሸኻ ከኣ፡ ያስፐር፡ ንወዲ ሃገሩ ሻን ኣርትን ጀርመናዊ ፓስካል ኣከርማንን በሊጹ ሕንጻጽ ረጊጹ። ካልኣይ ናይ መድረኽ ዓወቱ ድማ ኣመዝጊቡ። ቢንያም፡ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ። ያስፐር፡ 50 ቢንያም 18 ነጥቢ ድማ ወሲዶም።

በዚ ዘመዝገቦ ውጽኢት፡ ቢንያም፡ ብ346 ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ሕጂ'ውን ካብ ዝባኑ ኣየውረዳን። ያስፐር ከኣ ብ175 ነጥቢ ድሒሩ ይስዕብ። እዚ ማለት፡ ያስፐር፡ ዋላ'ውን ኣብታ ተሪፋ ዘላ ሓንቲ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር እቲ ዝበዝሐ ማለት 70 ነጥቢ እንተወሰደን ቢንያም ብዚይነጥቢ እንተወጽኣን'ውን ነዛ ማልያ ኣይምንጥሎን እዩ። በዚ ከኣ ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ ንፈለማ ግዜ ናብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ናብ ሃገርና ኤርትራ ኣትያ ኣላ - ምናልባት ካልእ ዘይትጽበ ታዊ ፍጻመ እንተዘየጋጢሙ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ኑቶም ኣብ ግዜን ናይ ዓቐብን ዝወዳደሩ ተቐዳደምቲ እተገድስ ተረርቲ ዓቐብታት ብዘለዋ መድረኽ ክቕጽል እዩ። 151.9 ኪሎሜተር ድማ ክሽፍን እዩ።

## ሄኖክ፡ ማልያኡ ዓቂቡ

ቀጠልያ ማልያ ዙር ኬንጃይ ሌክ ለቢሱ ዘሎ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና ኣሎ። ኡራጓያዊ ጉስርሞ ቶማስ ሰልቫ ብዝተመሳሰሊ ነጥቢ እግሪ እግሩ ይኽተሎ።



ሄኖክ ምሉእብርሃን ትማሊ ኣብ ሻዱሻይቲ መድረኽ ሓሙሻይ ብምእታው ሒዝዎ ዘሎ ማልያ ዓቂብዋ።

ሄኖክ፡ ኣብዛ 205.6 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ካብ ዕወት ግዜ ከይከሰረ ብ4 ሰዓት፡ 23 ደቒቕን 09 ካልኢትን እዩ ሓሙሻይ ደረጃ ሒዙ።

በዚ ከኣ ነታ ኣብ ራብዐይቲ መድረኽ ካብ ኢጣልያዊ ተቐዳዳማይ ማኑኤለ ታርዚ ዝመንጠላ ቀጠልያ ማልያ፡ ብ58 ነጥቢ ሒዝዋ ኣሎ። ኡራጓያዊ ጉስርሞ ቶማስ ሰልቫ ...

ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ 2024 ብሉጽ ጸወታ ብምርኣዩ ብብዙሓት ወገናት ዝተመጉሰ ሄኖክ፡ ኣብ ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ካልኣይ ደረጃ ደርኩቡ። ብኣርባዕተ ነጥቢ ካብ'ቲ ብ23 ነጥቢ ዝመርሕ ዘሎ ማሪዮ ድሒሩ። ኣብ ብዮጌ ማልያ ድማ፡ 2 ደቒቕን 26 ካልኢትን ድሒሩ ራብዓይ ደረጃ ደርኩቡ።

ዙር ኬንጃይ ሌክ፡ ሎሚ ቀዳም ንሻውዓይ መዓልቲ ክቕጽል እዩ፣ ተቐዳደምቲ ከኣ 168.5 ኪሎሜተር ክሸፍኑ እዮም።

## ቀይሕ ባሕሪን ደንደንን ተዓዊተን

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ብኽልተ ግጥማት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ።

ምስ ጉዳይፍ ዝገጠመት ደንደን፡ ቀድሚ ዕረፍቲ ካብ ኣማኒ መርሃዊ፡ ሰም ተከኤን ናህም ታደሰ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ከኣ ካብ ሳልሕ ሰዑድ፡ ሰም ተከኤን ናህም ታደሰን ብዘመዝገቡወን ሸቶታት ብጸፊሕ 6-ብ0 ተዓዊታ። ናይዛ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ኣከፋፋሊ ደንደን ናህም ታደሰ ተጻዊዑ።

መራሒት እዚ ውድድር ዘላ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዓወት ደንደን ተዓዚባ እያ ንኩጣንያ ሰገን ገጢማታ። ኣብ ቀዳማይ እግሪ ሸቶ ዘይተራእየ እዚ ጸወታ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግን፡ ቀይሕ ባሕሪ ተቐይሩ ካብ ዝኣተወ ሰምኦን ሃፍታ ኣብ ማብል 65 ደቒቕ ብዘረኸበታ ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊታ። ኣባላ ቤንሆር ጠዓመ ከኣ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ግጥም ማይተመናይን ገዘጠንዳን እውን ኣካል እቲ ዕለት እዩ ነይሩ። ማይ ተመናይ፡ ብመገዲ ኣፈወርቂ ዛይድ ብዘመዝገቦ ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊታ። ኣፈወርቂ፡ ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት ኣስመራ በራ ምስ ኩጣንያ ሰምባል፡ ኣዱሊስ ምስ ኣልታሕረር ብዘካይዳኦ ግጥማት ካብ ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ ክቕጽል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር - ገጀረት ምስ በርኽ፡ ኢንሹራንስ ምስ ሰምባል ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዘን ክገጥማ ምዃነን ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 . . .

### እስጳኛ - እንግሊዝ

ድሕሪ ወርሒ ኣብ መውዳእታ መድረኹ በጺሑ ዘሎ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ ጽባሕ ሰንበት እስጳኛን እንግሊዝን ብዘካይዳኦ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣብ ርእሲ ከተማ ጀርመን - በርሊን ክዛዘም እዩ።

ናይዘን ጋንታታት ኣመጻጽኣ ወይ ናብ ፍጻመ ዝበጽሓሉ መገዲ፡ ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ምዃኑ ይግለጽ። እስጳኛ፡ እታ ማራኺ ጸወታን ተኸታታሊ ዓወታትን ሒዛ ትገዓዝ ዘላ ክለብ እያ፣ ብመንጽሩ እንግሊዝ ዘይኮምቲ ዝተገብረላ ዓቢ ትጽቢት፡ ብሰንከልከል ናብ ፍጻመ በጺሓ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

ኣብ ሓደ ውድድር ዋንጫ ኤውሮጳ፡ ተኸታተልቲ ሽዱሽተ ግጥማት ብምዕዋት ክብረ-ወሰን ዝሓዘት እስጳኛ፡ ዋንጫ ብምዕታር ሱላቢ ጉዕዞኣ ምሉእነት ከተልብሶ ዝኸኣለ ክትገብር እያ።

እዛ ናይዚ ውድድር ዝበለጸት ጋንታ፡ ዛጊት 13 ሸቶታት ኣመዝጊባ ኣላ - ዝለዓለ ምዃኑ እዩ። 96 ዕድላት ብምፍጣር'ውን ልዕሊ ኩለን ትስራዕ። ብኽልተ ክንፊ መስመር መጥቃዕታ ዝያዳ እትሰርሕ እስጳኛ፡ ኣብዚ ጸወታ'ውን ንዊልያምስ ያማልን ብዝዮብኡ ክትጥቀመሎም እያ። ናይ ክንፊ ተኸላኸልቲ ኣንጻር ጋንታ ብዝዮብኡ ኣብ ምህናጽን ምጥቃዕን ጋንታኦም ዝዮብኡ ኣበርክቶ ከይህልዎም ልዑል ጸቕጢ ዝበሩ እዞም መንእሰያት፡ ኣብዚ ጸወታ'ውን ንኽልተ ክንፊ ምክልኻል እንግሊዝ ኣብ ብርቱዕ ስራሕ ክጸምድዎ ግምት ኣሎ። ሮድሪን ሩዩስን፡ መስመር ምክፍፋል ጋንታኦም ኣብ ምቕላስ፡ ብፍላይ ሮድሪ መስመር መጥቃዕቲን ምክፍፋልን ኣንጻር ጋንታ ኣብ ምብታኽ ዝጻወትዎ ዘለዉ ተራ'ውን ኣብዚ ምሸት ዝያዳ ከድልየም እዩ።

ብሓፈሻ፡ ድሕሪ ሓደ ዕቑድ ዝበለጸት ጋንታ ኣቕሞም ዘለዉ ተጻወትቲ እስጳኛ፡ ድሕሪ 2012 ንፈለማ ግዜ ዋንጫ ከልዕሉ ዝለዓለ ግምት ተዋሂብዎ ኣሎ፣ 40.5 ሚእታዊት። እስጳኛ፡ እንተተዓዊታ ታሪኽ ክትሰርሕ እያ - ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ኤውሮጳ ዘልዓለት ጋንታ ብምዃና ልዕሊ'ታ ማዕረኣ ዘላ ጀርመን ክትስርዕ እያ።

ብዓቢኡ ከኣ፡ ኣብዚ ጸወታ ንእንግሊዝ እንተሰዒራታ፡ ኣርባዕተ ግዜ ኣብ ፍጻመ ዓቢ ውድድር በጺሓ፡ ንኹሉ ዝተዓወተትሉ ቀዳመይቲ ኤውሮጳዊት ሃገር ክትከውን እያ። ናይ 2008 ዋንጫ ኤውሮጳ፡ 2010 ዋንጫ ዓለም፡ ከምኡ'ውን 2012 ዋንጫ ኤውሮጳ ኣልዒላ እያ - እስጳኛ።

ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኣ ኣብ ፍጻመ እዚ ውድድር በጺሓ ዘላ እንግሊዝ፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ብምንጽጻር፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ኣንጻር ሆላንድ እቲ ዝሓሸ ብቕዓት ኣርኢያ እያ። ኣብዚ ናይ ሰንበት ጸወታ ጸቒጣ (ፕረስ) እንተተጻዊታን ዝበዝሐ ግዜ ኩዕሶ ክትሕዝ እንተኾኢላን፡ ብፍላይ ነቲ ጌጋታት ዘበዝሕ ሓላዊ ልዳት እስጳኛ ኡናይ ሳይሞን ብተደጋጋሚ እንተፈቲናቶ፡ ነቲ ግጥም ኣብ ረብሓኣ ክትውዕሎ ትኽእል እያ። ሳይሞን፡ ኣንጻር ክሮኤሽያን ጀርመንን ከበድቲ ጌጋታት ክፍጽም ከሚዝተራእየ ይዝከር።

ዓላሚ ናይ'ዛ ጋንታ ጋረዝ ሳውዝጌት፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ነቲ ብዐሃሪኡ ብየማን ክንፊ ዝሰለፍ ትሪፐር ብጺጋም ክንፊ ምክልኻል ምስላፉ ይዝከር። ሉክ ሻው፡ ምሉእ ብምሉእ ሓውዩ ብምህላዉ ግን፡ ብቑዕ ናይ ጺጋም ክንፊ ተኸላኻሊ ክረኽብ እዩ። ንያማል ደው ኣብ ምባልን ነቲ መስመር ሚዚናወት ኣብ ምትሓዛን ድማ ተራኡ ክጻወት ግምት ኣሎ።

ድሕሪ 1966 ልዕሊ ዝኾነ ኣሰልጣኒ እንግሊዝ ዝበዝሐ ናይ ኣውዳቕላ ምሕላፍ ጸወታታት ዝተዓወተ ሳውዝጌት፡ ናይ ሸሞንተ ዓመታት ጉዕዞኡ ሎሚ ብዋንጫ እንተዘይኣሰንዩዎ፡ ጉዕዞኡ ካብቶም ዝሓለፉ ኣሰልጠንቲ ዘፍልዮ ኣይክህሉን እዩ - ዋላ'ኳ ክልተ ግዜ ኣብ ፍጻመ ጸወታ እዚ ውድድር እንተኣብጽሓ። ምኽንያቱ 'ፍልቀት ኩዕሶ እግሪ ኢና' ብምባል እናተመኻሓ ን58 ዓመት ግን፡ ዋንጫ ዘይዓተሩ እንግሊዛውያን፡ ብውጽኢቱ ክዕገቡ ዘለዎም ተኽእሎ ውሑድ እዩ። ንተወሰኽቲ ዓመታት ሃረር ክብሉ'ውን ዝቕስቦም እዩ። እንግሊዝ ዝሓለፈ ውድድር ብኢጣልያ ብፍጹም ቅላዕ ምስዓራ ይዝከር። ሓደ ካብዮም ክልተ ግዜ ኣብ ፍጻመ ዝጸሐ ኣሰልጠንቲ ዝኾነ ሳውዝጌት ከኣ ሎሚ እንተተሳዒሩ፡ ኣብ ክልተ ፍጻመ ጸወታ ዝተሳዕረ ቀዳማይ ኣሰልጣኒ ክኸውን እዩ።

## ኑነዝ፡ ጉድ ገይሩ


ኣጥቃዓይ ሃገራዊት ጋንታ ኡራጓይ ዳርዊን ኑነዝ ድሕሪ'ቲ ብኮሎምቢያ ዝተሰዓረሉ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ኣመሪካ፡ ተዓዘብቲ ኣብ ዝፈጥርዎ እምጥዓር ብምስታፉ፡ ዓይኒ ካሜራ ስሒቡ።

ኑነዝ ጸወታ ምስ ተዛዘመ፡ ናብ ናይ ተዓዘብቲ ቦታ ብምኻድ፡ ምስ ደገፍቲ ኮሎምቢያ ክበኣስ እዩ ተራእዩ። ስድራ-ቤትን ኣዕሩኽትን እዚ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ባኣሲ ዝተፈጥረሉ ቦታ ብምንባሮም፡ ንኽድሕኖምን ናብኦም ከምዝኸደ ድማ ጋዜጣ ቶክስፖርት ሓቢራ። ኑነዝ ድሕሪ'ዚ ባኣሲ ወዱ ሓዚሉ ከምዝወረደ'ውን ይግለጽ። ዛጊት ግን፡ ብዛዕባ'ዚ ፍጻመ ባዕሉ ኣይተዛረበን።

ብመሰረት እዛ ምንጪ፡ ኑነዝ ጥራይ ኣይኮነን ንስድራቤቱ ንምድሓን ኣብቲ እምጢጋር ተሳቲፉ። ተኸላኸልቲ እታ ጋንታ ጃስ ጂመንዝን ሮናልድ ኣራውጆን እውን ስድራቤቶም ንምድሓን ናብ ትሪቡን ደዪቦም እዮም።

ሓለቓ ጋንታ ኡራጓይ ዝኾነ ጂመንዝ ፖሎስ ብዘይምንባሮም ንስድራኦም ክከላኸሉ ከምዝበርዎም ይገልጽ። "ወደብቲ እዚ ውድድር፡ ብዛዕባ ህዝቢ ዝያዳ ሓላፍነት ክወስዱ ተሰኡ እጉብር፣ ምኽንያቱ እዚ ዕንወት እዩ። ስድራቤትና ብሰንኪ እዮም ብዙሕ ኣልኮል ዝሰተዩ ሰባት ተሃሲዮም እዮም።" ኢሉ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ጉዳም ኣጥቃዓይ ኡራጓይ - ሉዊስ ስዋሬዝ ንባህርያት እቶም ዝሰዓርዎም ኮሎምቢያውያን ተጻወትቲ ከምዝዩፈቶዎ ገሊጹ፡ "ኩሉ ግዜ ምጉርጓጥ፡ ሱሓቕን ናይ ቃላት ኩናትን የጋጥም እዩ። እንተኾነ እቲ ዝያዳ ዘሕረቐኒ፡ እቲ ዝበርዎ ጸምብልን ዘካጉሉ ኣገባብን እዩ፣ ትርጉም ኣልቦ እዩ። ንሕና ንብራዛል ገሊፍናያ ኢና፣ ዝኾነ ካብና ግን፡ ቅድሚ ዝኾነ ብራዚላዊ ኣይሓለፈን። ብኣንጻሩ ሰላም ክንብሎም ኢና ከይድና፣ ኣብ ሜዳ መሳርሕቲ ኢና። ስቓይ ስዕረት ንፈልጦ ኢና። ቅድሚ ዝተሳዕረ መጻውትትኻ ምሕላፍ ሕማቕ እዩ፡" ክብል፡ ቡቲ 'ኣሊጋጭ ዝተሓወሶ' ዝበሎ ጸምብል ኮሎምብያውን ከምዘይተሓጐሰ ገሊጹ።



**ኑነዝን ኣራውጆን ከቢብ ቅርጺ ተገይሩሎም ዘሎ ተጻዋትቲ ኡራጓይ**

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## “ፈረንሳ 2,000 ወተሃደራት ናብ ዩክሬን ክትልእኽ ወጢና” ሩስያ

ናይ ወጻኢ ኣገልግሎት ስለያ ሩስያ (SVR)፡ ፈረንሳ ኣብ ኲናት ዩክሬን ዝሰተፉ ኣሰታት 2,000 ወተሃደራት ናብ ከያብ ክትልእኽ ወጢና ከምዘላ ንትግበራኡ ትዳሎ ምህላዋን ዘመልክት ምስጢራዊ ሓበሬታ ከምዝረኸበ ሓቢሩ።

ፈረንሳ ሰራዊታ ኣብ ኲናት ዩክሬን ንምስታፍ ትዳሎ ዘሎ ኣቓዲማ ብሕበእ ናብታ ሃገር ዝለኣኸቶም ወተሃደራታ መብዝሕትኦም ብመጥቃዕቲ ሩስያ ግደ ሞትን መቑሰልትን ከምዝኸፉ ድሕሪ ምእማና እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ፈረንሳ፡ ዋላኳ ካብ'ቶም ብወለንታኦም ኣብ ኲናት ዩክሬን ከምእተሳተፉ ዝጠቐሶም ወተሃደራቱ ክንደይ ዝኣኽሉ ከምዝተቐትሉን ከምዝቘሰሉን ክገልጽ ፍቓደኛ እንተዘይኮነ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 20 ክፍለዘመን ዝበረ ደማዊ ኲናት ኣልጀርያ ግን ንፈረንሳ ከምዚ ዝበለ ከቢድ ወተሃደራዊ ክሳራ ኣጋጢሙዋ ከምዘይፈልጥ ኣመልኪቱ።

ፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮን፡ ፈረንሳ ኣብ ጐድኒ ሰራዊት ዩክሬን ተሰሊፎም ዝዋግኡ ወተሃደራት ናብ ከያብ ክትልእኽ ከምእትኽእል ኣቐዲሙ ኣተንብሁ ምንባሩ ይዝከር።

ፕረዚደንት ማክሮን ድሒሩ ኣብ ዘሎዎ መግለጺ'ውን፡ “እሰራዊት ዩክሬን ኣብ ምስልጣን ጥራሕ ዝጠዩ ዓለምቲ ንምልኣኽ ምስ መሻርኽትና ንጽዕር ኣሎና” ክብል ሓቢሩ ኔሩ።

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ድማ፡ ወተሃደራውያን ሓይልታት ምዕራብ ናብ ዩክሬን እንተደኣ ተዋፊሮም፡ እቲ ኣብ ወሽጢ ዩክሬን ጥራሕ ተሓጺሩ ዘሎ ኲናት ተጻዊሩ ናብ መላእ ኤውሮጳን ዓለምን ክልሕም ከምዝኽእል ከጠንቅቕ ጸኒሑ ኣሎ።



## ዒራቕ - ብዓልቲ-ቤት መራሒ ዳዕሽ ንሞት ተፈሪዳ



ቤት-ፍርዲ ዒራቕ፡ ንሓንቲ ካብ ኣንስቲ ኣቡበክር ኣል-ባቕዳዲ (መራሒ ሸበራዊ ጉጅለ ዳዕሽ ዝነበረ ጥሩፍ) ብሞት ክትቕጻዕ ከምዝፈረደ ተሓቢሩ።

ፍርዳዊ ኣካል'ታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ኣስማ መሓመድ ዝተባህለት ሰበይቲ ኣብ ልዕሊ ዒራቓውያን ደቂ-ኣንስትዮ ብዘረ ያዚዲ ብዕጡቓት ዳዕሽ ኣብ ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ ገበናት ኢድ ከምዘለዋ ድሕሪ ምርግጋጹ - እቲ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ከምእተበየነ ገሊጹ።

እቲ ፍርዳዊ ኣካል ወሲኹ፡ እታ ሰበይቲ ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ያዚዲ ቡቶም ጂሃዳውያን ዕጡቓት ተጨወየን ኣብ ገዝኣ ንኽዳጉናን መርወዪ ጸታዊ ድሌታቶም ክኾናን ከምእተሓብበረት ኣብሪሁ።

ኣስማ መሓመድ ኣብ 2018 ኣብ ቱርኪ ድሕሪ ምትሓዛ፡ ሰብ-መዚ ኣንካራ ድሒሮም ንመንግስቲ ዒራቕ ከምዘረከብዋ እዩ ዝገለጸ።

ብተወሳኺ፡ ቱርኪ ኣሕሊፋ ንዒራቕ ዘረከበታ ስማ ዘይተገልጸት ካልእ ብዓልቲ-ቤት ኣል-ባቕዳዲ እውን፡ ምስ ጓላ ንሕልፈት ክትእሰር በቲ ቤት-ፍርዲ ብይን ተዋሂብዋ ከምዘሎ፡ ኣሶሽየትድ ፕረስ ንላዕለዎት ሓለፍቲ ጸጥታ'ታ ሃገር ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ዓለምና ካብ ዘረአየቶም ዝጨከኑ ጂሃዳውያን መራሕቲ ምንባሩ ዝንገረሉ ኣቡበክር ኣል-ባቕዳዲ፡ ብ29 ሰነ 2014 ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዒራቕን ሶርያን ብጥንታዊ እስላማዊ ስርዓት እትመሓደር እስላማዊት ሃገር ድሕሪ ምእዋጁ፡ ኣብ 2019 ኣብ ሶርያ ብኣመሪካ ከምእተቐትለ ይዝከር።

እቲ ንሱ ዝመርሖ ዝነበረ ሸበራዊ ጉጅለ፡ ኣብ ነሓሰ 2014 ኣብ ዞባ ሲንጃር (ሰሜናዊ ክፋል ዒራቕ) ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ ብዙሓት ኣንስትን ኣዋልድን ዝርከባኦም ብኣሽሓት ንዝቖጸሩ ተወለድቲ ያዚዲ ከምዝቐተለን ከምዝማረኸን እውን ይንገር።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ኣንጻር ተወለድቲ ያዚዲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ምስ ጅምላዊ ህልቂት ዝዳረግ ምዃኑ ይገልጽ።

## “ቁጽሪ ህዝቢ ቻይና፡ ድሕሪ 86 ዓመታት ናብ 633 ሚልዮን ክንቀልቁል እዩ” ሕቡራት ሃገራት

ኣብዚ እዋን 8.2 ቢልዮን በጺሑ ዘሎ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም፡ ኣብ ዝመጽእ 2080ታት ናብ 10.3 ቢልዮን ክበ ክቢል ምዃኑ፡ ሓድሽ ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት ኣመልኪቱ።

እቲ ውድብ ብምኽንያት ‘መዓልቲ ህዝቢ ዓለም’ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ፡ ኣብ 2100 ዓ.ም ግን፡ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ብኣንጻሩ ናብ ኣሰታት 10.2 ቢልዮን ክወርድ ምዃኑ ወሲኹ ኣሚቱ።

ብዚ መሰረት፡ እቲ ኣብዚ እዋን 1.4 ቢልዮን በጺሑ ዘሎ ብዝሒ ህዝቢ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ሕጂ ዘለና ዘመን (2100 ዓ.ም)፡ ብምኽንያት ትሑት መጠን ወሊድ ናብ 633 ሚልዮን ክንቀልቀል ትጸበ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብዚ እዋን፡ ቻይና፡ ደቡብ ኮርያ፡ ኢጣልያን ስጳኛን ኣብ ዝርከብኦን 20% ሃገራት ዓለምና ዘሎ መጠን ወለድ ዳርጋ ናብ ዜሮ ክወርድ ቀሪቡ ከምዘሎ ዝጠቐሰ እቲ ጸብጻብ፡ ኣብዘን ሃገራት ኣዴታት ዳርጋ ሓሓደ ቁልዓ ጥራሕ ወለደን ማህጸን ይዓጽዋ ከምዘለዋ ገሊጹ።

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ዘሎ ዕብየት ቁጽሪ ህዝቢ ቻይና፡ ሩስያ፡ ጃፓንን ጀርመንን ዝርከብኦን 63 ሃገራት፡ ኣብ ዝቕጽል 30 ዓመት ብ14% ክንክ ትጸበ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ብራዚል፡ ቱርኪ፡ ኢራንን ቬትናምን ኣብ ዝርከብኦን ካልኦት 48 ሃገራት፡ ካብ 2025 ክሳብ 2054 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ እቲ መጠን ዕብየት ቁጽሪ ህዝቢ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ክበጽሕ ምዃኑ ይእመት።

ህንዲ፡ ኢንዶኔዥያ፡ ናይጀርያን ፓኪስታንን ኣብ ዝርከብኦን ዝተረፉ 126 ሃገራት ድማ፡ እቲ ዕብየት ናይ ህዝቢ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ናይ'ዚ ዘመን'ዚ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ክድይብ ምዃኑ ይግለጽ።

ብፍላይ ቁጽሪ ህዝቢ ኣንጎላ፡ ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ሶማል፡ ኮንጎን ናይጀርያን ዝርከብኦን ትሸዓተ ሃገራት፡ ካብ 2024 ክሳብ 2054 ብዕጽፊ ክዓቢ ምዃኑ፡ ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት የረድእ።

ብዚ ምኽንያት፡ ኣብ 2100 ዓ.ም፡ ህንዲ፡ ቻይና፡ ፓኪስታን፡ ናይጀርያ፡ ኮንጎ፡ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ኢትዮጵያ፡ ኢንዶኔዥያ፡ ታንዛንያን ጥንካሬሽን ብቐደም-ተኸተል ዝበዝሐ ህዝቢ ዘለወን ቀዳሞት 10 ሃገራት ዓለም ክኾና ምዃነን እቲ ጸብጻብ ይጠቅስ።



## ኔፓል - ልዕሊ 60 ሰብ ዘሳፈራ ኣውቶቡሳት ብውሑጅ ተወሲደን

ኣብ ኔፓል፡ ትማሊ ዓርቢ ንግሆ ጊያሾ ኣሳፊረን ዝጓዓዛ ዝነበራ ክልተ ኣውቶቡሳት - መንገዲ ሃግሙወን ናብ ፈለግ ብምጥሓለን፡ ብውሕዱ 60 ተሳፈርቲ ደያኖም ጠፊኡ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሰለስተ ተሳፈርቲ ጥራሕ ካብቲ ብርቱዕ ውሑጅ ክድሕኑ ከምዝኸኣሉ ዝገለጹ ሰብ-መዚ'ታ ሃገር፡ ኣብቲ ከባቢ ብዘይ ምቁራጽ ዝወቅዕ ዘሎ ዝናብ፡ ግዳያት ናይ ምድላይ ስራሕ ቡዓዚ ጌይሩዎ ምህላዉ ሓቢሮም።

እታ ሓንቲ ኣውቶቡስ ብውሕዱ 24 ሰባት፡ እታ ካልኣይቲ ኣውቶቡስ ድማ ብውሕዱ 42 ሰብ ኣሳፊራ ምንባራ ዝጠቐሱ እቶም ሰብ-መዚ፡ ኣብ መንገዲ ዝተሳፈሩ ካልኦት ዘይተፈልጡ ጊያሾ እውን ነይሮምወን ክኾኑ ከምዝኽእሉ ኣገንዚቦም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ኣብቲ ዕለት እቲ ቡቲ መስመር ትጓዓዝ ዝነበረት ሳልሰይቲ ኣውቶቡስ'ውን ብዘጋጠማ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ዘዋሪኣ ክመውት እንከሎ ገለ ካብ ተሳፈርታ ድማ ከምዝቘሰሉ ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ሓሙስ ለይቲ እውን፡ ኣብታ ሃገር ሓንቲ ስድራ ኣብ ድቃስ እንከላ ብዘጋጠማ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ምስ ሸውዓተ ኣባላታ ብጭቃ ተደፊና ከምዝሞተት፡ ጸብጻብት ዜናታ ሃገር የረድእ።

ኣብ ኔፓል፡ ካብ ወርሒ ሰነ ክሳብ መስከረም ዝወቅዕ ብ'ሞንሱን' ዝፍለጥ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣሰቃቒ ሓደጋታት ምህማም መሬት ከምዝስዕብ እዩ ዝግለጽ።

## ኢጣልያ - መዓርፎ ነፈርቲ ሚላን ብስም ሲልቪዮ በርሊስኮኒ ተሰምዩ

መንግስቲ ኢጣልያ፡ መዓርፎ ነፈርቲ ሚላን - ብስም'ቲ ፍሉጥ ኢጣልያዊ ፖለቲከኛን ነጋዳይን ነበር ሲልቪዮ በርሊስኮኒ ክስመ ከምዝወሰነ ሓቢሩ።

ሚኒስተር መጓዓዝያ ኢጣልያ ማቲዮ ሳልቪኒ ንማዕከናት ዜናታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ንሰለስተ ዕቑድ ኣብ ፖለቲካ ኢጣልያ ዝጠፈን ሰለስተ ግዜ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ዘገልገለን ሲልቪዮ በርሊስኮኒ፡ ኣብ ታሪኽ'ታ ሃገር ዕዙዝ ቦታ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ንዘኽሩ መዓርፎ ነፈርቲ ሚላን ብስሙ ክጽዋዕ ምዃኑ ኣፍሊጡ።



በዓል-መዚ ሰቪላዊ በረራ ኢጣልያ ብወገኑ፡ ነቲ ዝቐረበሉ እማመ ብምጽዳቕ - እቲ ኣብታ ሃገር ካልኣይ ዝጸዓቐ ምንቅስቓስ በረራ ነፈርቲ ዝረኣየሉ መዓርፎ ነፈርቲ ብስም በርሊስኮኒ ክጽዋዕ ከምዝጀመረ ገሊጹ።

ይኹን እምበር፡ ማእከላይ ጸጋማዊ መርገጺ ዘለዎ ከንቲባ ሚላን ነቲ ሓሳብ ከምዘይተቐበሎ፡ ኣብ ከንዳኡ እቲ መዓርፎ ነፈርቲ ብስም'ታ በዓልቲ ዝና ባለሪና ካርላ ፍራቺ ክስመ ድሌት ከምዘለዎ ምግላጹ ተሓቢሩ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መበል 86 ዓመት ዕድሜኡ ዝሓለፈ ሲልቪዮ በርሊስኮኒ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝዘበሮ ብቢልዮናት ዶላር ዝትመን ሃብቲ፡ ኣብ ቦታ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢጣልያ ኮይኑ ዝወሓለ ዓመታት ዝሰርሐ ግዑን ፖለቲከኛ ምንባሩ ይዝከር። እንተኾነ፡ ብበለ ተቓወምቲ - ፖለቲካዊ ስልጣኑ ጉልባብ ገይሩ ውልቃዊ ረብሓታት ከምዘሐለበ እዩ ዝኸሰስ።

ኣብ ኢጣልያ ዝርከቡ ዓበይቲ መዓርፎ ነፈርቲ፡ ብስም'ቶም ኣብ ታሪኽ ዝጥቀሱ ፍሉጣት ሰባት ዝጽውዑ ኮይኖም፡ ናይ ሮማ - ብስም ሊዮናዶ ዳ ቪንቺ፡ ናይ ቨኒዚያ - ብማርኮ ፖሎ፡ ናይ ቨሮና - ብቫለሪዮ ካቱሎ ከምእተሰምዩ ይፍለጥ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሂወት | 13/7/2024 | ጎደና ብድሆ ቱባቢ ሸዳ ፡(ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services